# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 28 ዓመት ቁ.225 | ሰሉስ 21 ግንቦት 2019 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3
ኣብነታዊ ዑደት ብምኽንያት በዓል ናጽነት



ገጽ 5
ኣብ ድሮ ናጽነት



ገጽ 6
ስእላዊ መግለጺ



ገጽ 7
በዓል ናጽነት. . .



ገጽ 9
ውድድራት ባድሚንቶንን ተኒስ . . .




## ፕረዚደንት ኢሳይያስ ናብ ኣቦ-መንበር መሰጋገሪ ወተሃደራዊ ባይቶ ሱዳን መልእኽቲ ሰዲዱ

ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣቶ የማነ ገብረኣብን ዝቖመ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ኣቦመንበር መሰጋገሪ ወተሃደራዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብዱልፈታሕ ኣልቡርሃን ኣብጺሑ።

መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምሕዝነት ኤርትራ ንህዝብን ትካላትን ሱዳን ኣብቲ ንሰላም፡ ርግኣትን ምዕባለን ዝጉዕዝዎ ዘለዉ ጉዕዞ ብምግላጽ፡ ህዝቢ ሱዳን ንጉዳያቱ ባዕሉ ፍታሕ ከምዝረኽበሉ ጽኑዕ እምነት ኤርትራ ዘረጋግጽ እዩ።

ኣብቲ ብ19 ግንቦት ኣብ ካርቱም ዝተኻየደ ርክብ፡ ጀነራል ዓብዱልፈታሕ ኣልቡርሃን፡ ንዝቦኾ ኤርትራ ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ብዝሓበ ህልው ምዕባሌታት ሱዳን ንልኡኽ ኤርትራ መብርሂ ሂቡዎ።

ክልቲኦም ወገናት ብዘውሰኹ፡ ዝምድና ኤርትራን ሱዳንን ናብ ዝበረ ንምምላስ ዘለዎም ድልውነት ኣረጋጊጾም።

ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ ብዘይካዚ፡ ምስ ምክትል ኣቦመንበር መሰጋገሪ ወተሃደራዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል መሓመድ ሓምዳን ደግሎ ተራኺቡ፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ካልኦት ጉዳያትን ዘቲዩ።

ኣብቲ ርክብ ጀነራል መሓመድ ሓምዳን፡ ንተገዳስነት መንግስቲ ኤርትራን ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ኣብ ጉዳያት ሱዳን ብሓፈሻ ድሕሪ ምምጓሱ እዚ ዑደትዚ ኣብ ዝምድና ኤርትራን ሱዳንን ሓድሽ ምዕራፍ ከምዝከፍት ጽኑዕ እምነቱ ገሊጹ።



## ናይ ‘የሃና’ መልእኽቲ መራሕቲ ሃገራት ይቕጽል



ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ግብጺ ዓብዱልፈታሕ ኣልሲሲ፡ ፕረዚደንት ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ሺ. ጂንፒንግ፡ ፕረዚደንት ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ጀርመን ፍራንክ-ቫልተር ሽተይንመርን ጳጳስ ቫቲካን ፍራንሲስን፡ ብምኽንያት መበል 28 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ ‘የሃና’ መልእኽቲ ሰዲዶም።

እቶም መራሕቲ ኣብ መልእኽታቶም፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕና፡ ንኤርትራን ህዝብን ድማ ሰላምን ብልጽግናን ተመንዮም።

ፕረዚደንት ዓብዱልፈታሕ ኣልሲሲ፡ ንምጒቓንን ታሪኻውን ዝምድና ግብጺን ኤርትራን ብምጥቃስ፡ ዚ. ሓቆና መርኣያ ድልዱል ዝምድናታት ዝኾነ ሕውነታዊ ዝምድና፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ብዝዓበየ ምትሕግጋዝ ንምድንፋዕ፡ ብወገን ሃገሩ ዘሎ ድልውነት ገሊጹ።

ፕረዚደንት ሺ. ጂንፒንግ ብወገኑ፡ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ኣብ ቁጠባውን ማሕበራውን መዳያት ዘመዝገበቶ ዓወታት፡ ኣብዚ ሓደሽ መድረኽ ኣገዳሲ ኣበርክቶ ክህልዋ እምነቱ ገሊጹ። ሃገሩ ምስ ኤርትራ ዘለዋ ድልዱል ሕውነታዊ ዝምድና ማዕረት ብምግባር፡ ምትሕብባራ ከም እተዕዝዝ ድማ ኣረጋጊጹ።

## ኤርትራውያን ኣብ ሱዳን - በዓል ናጽነቶም ጸምቢሎም

ኣብ ሱዳን ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ “ጽንዓት ብጽንዓት ንልምዓት” ብዝብል ቴማ፡ በዓል ናጽነት ሃገሮም ብ17 ግንቦት ብልዑል መንገዲ ጸምቢሎም።

ኣብ ካርቱም ኣብ ዝተኻየደ፡ ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን፡ ሰበስልጣን መንግስቲ ሱዳንን ዕድመ ዝተገብረሎም ዲፕሎማሲያውያንን ካልኦትን ዝተረኽብሉ ጽምብል፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ኢብራሂም እድሪስ ናይ ሎሚ ዓመት ጽምብል፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ፍረ ጽንዓቶምን ሓያል መኸተኦምን ኣብ ዝሓለፉሉን ዓበይቲ ዲፕሎማስያዊ ዓወታት ኣብ ዝተገናጸፉሉን ደብዳል ምህላው ጠቒሱ፡ ሸርክነታዊ ጸምዶን ምትሕግጋዝን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምዕባይን ርግኣት ዝሰፈነ ገድቦ ንምህናጽን ዝተጀመረ ጉዕዞ ብዝለዓለ ደረጃ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ጽምብል ናጽነት ከኖ ደስታን ደግሲን ዝዘለቕምናዮ ሕድሪ ሰማእታት ብምዝካር፡ መብጽዓ ንቕያ ልምዓትን መኸተን እናሓደሰሉ ኣጋጣሚ ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ኢብራሂም፡ “ሕጂውን ናይ ጽንዓት ጉዕዞና ብጽንዓት ተደሪዑ፡ ኣብ ልምዓት ተኣምር ክምዝስርሕ ድሮ ተጀሚሩ ዘሎ ጉልሑ መርኣያ እዩ” ክብል ገሊጹ።

ወኪል ወተሃደራዊ መሰጋገሪ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ኢብራሂም ጃብር፡ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ የሃና ድሕሪ ምባል፡ ነዊሕ ታሪኽን ምትእስሳርን ዘለዎ ዝምድና ክልቲኦም ሓው ህዝብታት፡ ኣብ ድልዱል ሰረት ዝተሃንጸ ብምዃኑ፡ ኩሉመዳያዊ ዝምድናታት ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ናይ ሎሚ ዓመት ጽምብል፡ ንዕቤትን ምዕባለን ኤርትራ ዓቢይ ዝጽንሐ መዋእል ተጻብኦታት ተቐንጢጡ፡ ሓራ ማዕሞር ኤርትራ ኣብ ዝተኸለዓሉ ትሰፋው መድረኽ ደብዳል ምህላው፡ ዕዙዝ ከምዝንብሮ ገሊጾም።

እቲ ጽምብል፡ ብባህላዊ መደብ ከምኡውን ንታሪኽ ከተማ ኣስመራን ሓቐፉቶ ዘሎ ብርቂ ቅዲ ህንጻታትን ዘንጸባርቕ ስእላዊ ምርኢት ደሚቑ ነይሩ።

## ኣብ ን/ዞ/ኣፍዓበት ተርእዮ ሕማም ዓሶ ነኪዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ዓሶ ንምክልኻል ብዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ኣብዚ ዓመት’ዚ ተርእዮ’ቲ ሕማም ከምዝንቈልቈለ ተሓቢሩ።

ከነታት’ቲ ሕማም ንምግምጋም ኣብ ዝተኻየደ ርክብ፡ መዲካል ዳይረክተር ሆስፒታል ኣፍዓበት፡ ነርስ ኣስራት ኣማኒ፡ ኣብ ከተማ ኣፍዓበት ካብ ዝተመርመሩ 816 ሰባት - እቶም 58 ሰባት፡ ብኡጋር ሓኪይም ካብ ዝተመርመሩ 125 ድማ - 9 ጥራይ ሕማም ዓሶ ከምዝጸንሖም ገሊጹ።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ተራን ሓላፍነትን ሕብረተሰብ፡ ኮሚቲ ጥዕና ዓዲ፡ ትካላት ጥዕና፡ ኣመሓደርቲ ከባቢን ኢጋር ሓኪይምን - ኣብ ምግታእ’ቲ ሕማም ድሕሪ ምዝታይ፡ ግቡእ ምክትታልን ተሓታትነትን ዘለዎ ዕማም ክሰርሑ ተረዳዲኦም።

ኣካይዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ኣቶ ኣብርሃም ፍስሃጽ፡ ሕማም ዓሶ ንምጥፋእ ጽሬት ከባቢ ክውሓስ ብምዝኽኻር፡ ከምቲ ናይ ከተማ ኣፍዓበት፡ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ሰሙናዊ ናይ ጽሬት ወፈራታት ክካየድ ምዃኑ ገሊጹ።

# ካርኒቫል ዞባ ማእከል ምድላዋቱ ኣጻፊፉ



ኣቶ እንድርያስ ኣስመሮም፡ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ምርኢት ካርኒቫል፡ 13 ንኡሳን ዞባታትን ሰለስተ ትካላት መንግስትን ከምዝሳተፉ፡ ድሮ ድማ ምድላዋተን ከምዝጻፈፋ ሓቢሩ።

“ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንሓርነት ናይ ሎሚን መጻኢን ወለዶታት እዩ” ዝበለ ኣቶ እንድርያስ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ትሕዝቶ ካርኒቫል፡ ንኽብሪ ልኡላውነት ዝበረ መኸተ ዘዘኻኽር፡ ከምኡ’ውን ካብ ግዜ ረፈረንዱም ክሳብ’ዚ በጺሕናዮ ዘሎና ናይ ሰላም ሃዋህው ዘንጸባርቕ - ሰንሰለታዊ ምርኢት ሓቝፉ ከምዝሎ ኣረዲኡ።

ኣካል መደባት ጽምብል ናጽነት ዝኾነ ካርኒቫል ዞባ ማእከል፡ ንዝተሰዋእ መሪር መዋእል ቃልሰን ምኽባር ልኡላውነትን፡ ከምኡ’ውን ተኣታቱ ዝሎ ሓድሽ መድረኽ ብዘንጸባርቕ መልክዕ ተዳልዩ ከምዝሎ ተገሊጹ።

ኣቦመንበር ሸማግለ በዓላት ዞባ ማእከል፡ ረቡዕ 22 ግንቦት ኣብ ጎደናታት ሰሜኣታትን ሓርነትን ዝቐርብ ምርኢት ካርኒቫል፡ ብምኽንያት ጾም ረመዳን ናይ ግዜ ምቅይያር ተገይሩሉ ከምዝሎ፡ ስለ’ዚ ድማ ካብ ሰዓት 3፡30 ድሕሪ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት 6፡00 ምሸት ከምዝካየድ ኣቶ እንድርያስ ገሊጹ።

# ጉጅለ ባህሊ ቻይና ምርኢት ኣቕሪባ

ጉጅለ ናይጂንግ ናይ ቻይና፡ ብ19 ግንቦት ኣብ ኣዳራሽ ሲነማ ሮማ - ኣስመራ ምርኢት ኣቕሪባ።

ኣብ’ቲ ሰብስልጣን መንግስቲ፡ ኣምባሳደር ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ኣብ ኤርትራ፡ ዲፕሎማስኛታትን ዕዱማት ኣጋይሽን ዝተረኽብሉ ኣጋጣሚ፡ ንባህሊ ህዝብታት ቻይና ዘንጸባርቕ ስነጥበባዊ ዕዮን ኣዘናጋዒ ትሕዝቶን ቀሪቡ።

እቲ ምርኢት፡ ብምትሕብባር ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራን ኤምባሲ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ኣብ ኤርትራን ዝተወደበ እዩ።

ብ17 ግንቦት ምሸት ድማ፡ ምሩጻት ጉጅለታት ባህሊ፡ ድምጻውያንን ተላሃይትን ዝተሳተፍዎ መዚቃዊ ምርኢት - ኮንሰርት፡ ኣብ ሜዳ ባሕቲ-መስከረም ቀሪቡ።

ብዮታዊ መሳርሒታት መዚቃን ትልሂትን እትፍለጥ ጉጅለ ባህሊ ‘ቦጎን ጉጅለ ባህሊ ‘ዋልታ’ ናይ ሚኒስትሪ ምክልኻልን፡ ብጉጅለ ትልሂት ኣድማስ ተሰንዩም፡ ንኣስታት ሰለስተ ሰዓታት ዝቐጸለ - ንህላዊ ብዙሕነትናን ታሪኽናን ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ኣኣንጊዶም።



ሰ/ኣኽሊሉ ዘርእዝጊ

# በዓል ናጽነት ኣብ ወጻኢ፡ ብልዑል መዓርግ ይጽምበል ኣሎ

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ጀርመንን ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ዝተፈላለዩ መሰናድኦታት ብምድላው፡ መበል 28 ዓመት ናጽነት ሃገሮም ጸምቢሎም።

ኣብ ዴንቨር - ኮሎራዶ ዝነብሩ ዜጋታት፡ “ጽንዓት ብጽንዓት ንልምዓት” ብዝብል መሪሕ ቴማ ኣብ ዘካየድዎ ብድሙቕ ህዝባዊ ጓይላ ዝተሰነየ ጽምብል፡ ሕድሪ ሰማእታት ብልምዓት ንምትግባር ድልውነቶም ኣረጋጊጾም።

ማሕበረትም ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ኒው-ኦርሊንስ ኣብ ዝወደብዎ ተመሳሳሊ ጽምብል፡ ምምሕዳር’ታ ከተማ ‘24 ግንቦት’ ዓመት መጸ መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ተባሂላ ክትክበር ብዘወሰኖ መሰረት፡ ጥንዲራ ኤርትራ ኣብ ህንጻ’ቲ ምምሕዳር ከም እትንበልበል ብምግባሩ ተወሳኺ ድምቀት ከም ዝሃቦ ተፈሊጡ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ማንሃይም - ጀርመን ዝወደብዎ ጽምብል ድማ፡ ንህጻናት፡ መንእሰያትን ዓበይትን ብዘሳትፍ መሰናድኦታት ኣድሚቕምዎ ወዒሎም።

ብኻልእ ወገን፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣቶ ነጋሲ ካሳ ብ11ን 12ን ግንቦት፡ ንኤርትራውያን ነበርቲ ከተማታት ሮተርዳምን ኣምስተርዳምን - ሆላንድ፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገር ዝተኮረ ሰሚናራት ኣካይዱ።

# ኣብ ዞባ ደቡብ፡ መደባት ጽምብል ናጽነት ተጀሚሩ

ኣብ ዞባ ደቡብ ጽምብል ናጽነት ንምምዕራግ ክካየድ ዝጸንሐ ምድላዋት ተጻፊፉ -መደባት ከም ዝጀመረ፡ ሸማግለ በዓላት ናይ’ቲ ዞባ ሓቢሩ።

እቲ መደባት፡ ስነጥበባውን ስፖርታውን መሰናድኦታት፡ ብደረጃ ምምሕዳራት ከባቢ ዝካየድ ንጥፈታት፡ ከማኢ ዳሳትን ካርኒቫልን ከምዝጠቓልል፡ ኣብል’ቲ ሸማግለ መንእሰይ ግርማይ ገብሩ ሓቢሩ።

ጉጅለታት ባህሊ ሓይልታት ምክልኻልን ጉጅለ ባህሊ ዞባ ደቡብን ኣብ ዝተፈላለያ ከባቢታት ምርኢት ከቕርባ ጀሚረን ምህላወን፡ ስፖርታዊ ውድድራት እውን ይቕጽል ከምዝሎ ገሊጹ።

ኣብ ከተማ መንደፈራን ካልኦት ከተማታትን ዞባ ደቡብ፡ ካብ 15 ግንቦት ጀሚሩ ናይ ምሸላም ጉደናታትን ትካላትን ንጥፈታት ከምእተሰላሰለ፡ ህዝባዊ ጽምብላት ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት ካብ 20 ክሳብ 24 ግንቦት ከምዝካየዱ ኣብሪሁ።

ብ22 ግንቦት ብደረጃ ዞባ ኣብ ስታድዮም መንደፈራ ኣብ ዝካየድ ወግዓዊ ጽምብል፡ ልዕሊ 500 ተመሃሮ ዝሳተፍዎ ምርኢት ከሰላሰል፡ ባህላዊ መሰናድኦታት፡ ከምኡ’ውን ብጓይላ ዝተሰነየ ትልሂት ክቐርብ ምዃኑ መንእሰይ ግርማይ ገብሩ ኣረዲኡ።

# ን/ዞ/ሓጋዝ - ኣፍልጦ ህዝቢ ኣብ ሕጊ ይብርኽ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ ኣፍልጦ ህዝቢ ኣብ ሕጊ ንምብራኽ ዝውደብ ኣስተምህሮታት፡ ኣብ ምክልኻልን ምቁጽጻርን ገበናት ጸቡቕ ወጽኢት ይርከቦ ከምዝሎ፡ ኣዛዚ መደበር ፖሊስ’ቲ ንኡስ ዞባ ተለንት ዛይድ ተስፋዝጊ ሓቢሩ።

ካብ 2 ክሳብ 13 ግንቦት ምስ ነበርቲ - በብከባቢኡን በብትካሉን ኣብ ዝገበሮ ርክባት፡ ተለንት ዛይድ፡ ዝውሃብ ኣስተምህሮ ኣብ ግብሪ ይውዕል ስለዘሎ፡ ተርእዮ ገበናትን በደላትን ከምዝጎደለ ብምጥቃስ፡ ብህዝቢ ዝተመርጹ 215 ኮማዊ ፖሊስ እውን ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብሩ ከምዘለዉ ኣረዲኡ።

ንዝበለጸ ወጽኢት፡ ሕብረተሰብ ኣብ ምክትታል ደቁ ክዮትብ ብምዝኽኻር፡ ኣብ ዓዲ ህዝቢ ዝኸውል ገበን ስለዘየሎ፡ ነበርቲ ምስ ፖሊስ ዝገብርዎ ምትሕብባር ከዕዝዙ ተላቢዩ።

ሓላፊ መርመራ ገበን ምክትል ተለንት ተኸለ ሓጎስን ሓላፊ ምክልኻል ገበን ሰርጀንት ሰመረ ተወልደብርሃንን እውን፡ ኣብ ተራ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል በደላትን ገበናትን ዝተኮረ መብርሂ ሂቦም።

## ኣገደስቲ ቴሌፎናት

ሆስፒታል ሓሊቡ
18 54 00
ሆስፒታል ኦሮታ
20 19 17
ፖሊስ ኤርትራ
12 77 99
ኮርፖረሽን ኤለትሪክ
ሰቲ
12 22 22
ፋርማቻያ ቁ. 1
127565
መጥፋእቲ ሓዊ
202099
ማሕበር ቀይሕ መስቀል
154633

# መንሱራ - መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ውጽኢት ሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ መንሱራ ዝተኸፈተ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ፡ ብዝተፈላለየ ጸገማት ናይ ትምህርቲ ግዜኦም ዝሓለፈ ዜጋታት፡ መሃይምነት ከጥፍኡን ኪኖኡ ክሰጉሙን ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዝሎ ተሓቢሩ።

ሱፐርቫይዘር ኣብዮተ-ትምህርቲ ናይቲ ንኡስ ዞባ፡ መምህር ኣደም መሓመድ-ዓሊ፡ በቲ ኣብ 30 ነቑጣታት ዝውሃብ ዘሎ መደብ፡ ዛጊት ብመደብ ‘ዓረዶት’ ክሳብ 3ይ ክፍሊ ዝበጽሑ ቁጽሮ፡ ብመደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ድማ፡ ክሳብ 7ይ ክፍሊ ዝበጽሑ ዓበይቲ ከምዘለዉ ኣረዲኡ።

ተሳታፍቲ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ዝምስገን ምዃኑ፡ ኣካዳሚያዊ ብቕዓተን ኣበርኺን ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ዝበጽሓ’ሞ - ንካልኦት መሃይምነት ኣብ ምጥፋእ ዝተሓጋገዛ ከምዘለዋ እውን ገሊጹ።

ኣብ ንኡስ ዞባ መንሱራ፡ 1754 ኣብ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ፡ 321 ድማ ኣብ መደብ ‘ዓረዶት’ ትምህርቶም ዝከታተሉ ከምዘለዉ፡ ሱዋት ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ናይቲ ንኡስ ዞባ ይሕብሩ።

# ዓንሰባ - ጸገም ማይ ሓጋዝ ፍታሕ ይናደየሉ

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ዓሊ ማሕሙድ፡ ምስ ነበርቲ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣብ ዝገበሮ ዘተ፡ ሽግር ማይ ሓጋዝ ንምቅላል ስጉምቲ ከምዝወሰድ ገሊጹ።

ኣብ ሓጋዝ ተኸሲቱ ዘሎ ሽግር ዝስተ ማይ ንምፍታሕ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ዳዕሮታይ ዒላታት ክኹዓታ መደብ ከምዝሎ ሓቢሩ። ብሰፊሕ ኮማዊ ተሳትፎ ኣብ ዝትግበሩ ፕሮጀክትታት ልምዓት እውን መብርሂ ሂቡ።

ተሳተፍቲ፡ ሽግር ማይ መሰረታዊ ፍታሕ ክረክብ፡ ተወሰኽቲ ዲጋታትን ራህያታትን ክስራሓ፡ ንመንበሪ ዝኸውን መሬት ክዕደል፡ ከምኡ’ውን ኣብ ምዕዳል ዝስተ ማይ ዝተዋፈሩ ቦጣት ዘኽፍልኦ ዋጋ ምቁጽጻር ክግበረሉ ዝብሉ ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ጸገም ማይ ምኽንያቱ፡ ካብ’ተን ክጥቀሙለን ዝጸንሑ 5 ዒላታት እተን 3 ስለዝነጸፋ እዩ፡ እተን ኣብ ዳዕሮታይ ክኹዓታ መደብ ወጺኡለን ዘሎ ክልተ ዒላታት ድማ፡ እቲ መስርሕ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክጅመር ምዃኑ ተፈሊጡ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ
ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)
ቦርድ ምስንዳእ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284
ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤቴሌሄም ታደሰ
ሊድያ ስልጣን

# ኣብነታዊ ዑደት ብምኽንያት በዓል ናጽነት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

‘ጽንዓት፡ ብጽንዓት ንልምዓት’ ብዝብል ዓቢዩ ጭርሖ፡ ንኣበዓዕላ ናጽነት ንምድማቕ ብርኽት ዝበሉ መደባትን ንጥፈታትን ይካየዱ ከምዘለዉ ይፍለጥ። እዞም መደባትን ንጥፈታትን እዚኣቶም፡ ኑቲ በዓል ድምቀት ዝወሰኹን ፍናንን መንፈስን


ዶ/ር ዮሴፍ ዮውሃንስ

ኩሉ ኤርትራዊ ዘበርኹን ስለዝኾኑ፡ ብዝዮጎጽእ ክንከታተሎምን ክንጽንበሮምን ይግባእ። እዞም ዝተፈላለየ መልእኽቲ ሓቑፎም ብምዕሩግ ኣወዳድባ ተዳልዮም መበል 28 ዓመት በዓል ናጽነት ንምድማቕ ዝካየዱ ዘለዉ መደባት፡ ኣብ ህዝቢ ንቕሓት ዝፈጥሩ ኩይናም’ዮም ዝቐጽሉ ዘለዉ።

ዕለት 18 ግንቦት፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ቱሪዝም’ዩ። ብ‘ሃኩል ዲዛይነራት ኤርትራ’ ዝፍለጡ ጉጅለ ዲዛይነራት ኤርትራ ድማ፡ ብምኽንያት መዓልቲ ቱሪዝምን በዓል ናጽነትን ብ18 ግንቦት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ታሪኻውን ቱሪዝማዊን ቦታታት ዞባ ማእከል ዑደት ኣካይዶም ነይሮም። እቲ ዑደት ብምውህሃድ ሚኒስትሪ ዜና፡ ሃኩል ዲዛይነራት ኤርትራን ኦኣሰስ ወኪል ጉዕዞን ዝተሰላሰለ ኩይኑ፡ ሰላሳ ዝኾኑ ዓበይትን ናእሽቱን ዲዛይነራትን ሞዴላትን ዝተሳተፉዎ’ዩ። ብጆሜትራ ጴጥሮስ ስብሓት፡ ሰራሕተኛ ኣስመራ ሄሪተጅ ፕሮጀክት ተመሪሖም ከኣ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ብምጻሕ መብርሂ ተዋሂቡዎም።

ኣብ’ቲ ኣስታት 27 ሚልዮን ዓመታት ዝገበረ ኣሰር ሂወት ዓቂቡ ዝርከብ ሃገራዊ ቤተ-መዘክር ኤርትራ ምስ በጽሑ፡ ብመንእሰይ ምሕረትኣብ ተኽላይ’ዩ መብርሂ ተዋሂቡዎም። መንእሰይ ምሕረትኣብ ብስ-ጥንትን ስ-ሰብን ብቐዳማይ ዲግሪ ዝተመረቐ ኩይኑ፡ ሃገራዊ ቤተ-መዘክር ኤርትራ ዓቕሩዎ ዝዘሎ፡ ኣሰር ሂወት፡ ቀጸላታት ስ-ጥንታዊ ኣሰራት፡ ኣብ ከተማ ኣስመራን ከባቢኣን ዝነበረ ስልጣኔ ዝገልጽ ታሪኻዊ ቦታታት፡ ኣብ እዋን መግዛእቲ ጥልያን ዝነበረ ንእንስሳታትን ኣግራብን ዝምልከት ባህርያዊ ትሕዝቶ ኤርትራ፡ ሃማኖታዊ ርኽበታትን ታሪኽን ኤርትራ ኣብ እዋን ማእከላይ ዘመን፡ ኣብ ኩለን ብሄራት ኤርትራ ዝርከብ ባህላዊ ንጥፈታት፡ ሓድጊ ሓይልታት ግዝኣቲ ጥልያን፡ እንግሊዝ፡ ሃጼይ ሃይለስላሴን ስርዓት ደርግን ሓደ ድሕሪ ሓደ ኑቶም በጻሕቲ ገሊጹሎምን ዝቐረቡዎ ሕቶታት መሊሱሎምን።

ኣብ ሃገራዊ ቤተ-መዘክር ኤርትራ ንጽንዓትን ተወፋይነትን ተጋዳላይን ህዝብን ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝገልጹ ብስወኣትን ህሉዋትን ተጋደልቲ ስ-ጥበባውያን ዝተሳእሉ ብርኽት ዝበሉ ቅብኣታት ኣለዉ። ስ-ጥበበዊ ሃይለ በርሀ ድማ፡ ብዘዕባቶም ቅብኣታት ዝርዝራዊ መግለጺ ኣቕሪቡሎም። ስ-ጥበባዊ ሃይለ በርሀ ሓደ ካብ መስራቲ ሃገራዊ ቤተ-መዘክር ኤርትራ ኩይኑ፡ ኣብ ሜዳ ዝተሳእሉ ቅብኣታትን ካልኦት ስ-ጥበባዊ ፍርያትን፡ ከም ኣካል ብረት ተወሲዶም ባህሊ ብሄራት ኤርትራ ዘዕቀበ፡ ጅግንነትን መተባበርን ተጋዳላይ ዘንጸባርቑ፡ ተራን ኣበርክቶን ህዝቢ ዘኮልዐ፡ በሰላ ኩናትን ኣብ ህዝቢ ዝወርደ ዝበረ ግፍዕን ዝገልጹ፡ ቅርጺ መሬት ኤርትራ ዘርእዩ ስለዝኾኑ፡ ከም መካቓቕሒ፡ መፍለጥን መወከስን ስለዝጠቕሙ፡ ህዝቢ ክፈልጦምን ክስተማቐሮምን ከምዝዮጎጽእ ገሊጹዎም። ዲዛይነራትን ሞዴላትን ኤርትራ ድማ፡ ፈለምቲ ናይ ከምዚ ዓይነት ተበግሶ ብምዃን ናብ ሃገራዊ ቤተ-መዘክር ብምምጻእ ታሪኽም ንኽፈልጡ ንዝወሰዱዎ ተበግሶ ብምንኣድ፡ ካልኦት ዜጋታት’ውን ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክወስዱ ጸዊዑ።

ብድሕሪ’ቲ ኣስታት ሓደ ሰዓትን ፈረቓን ዝወሰደ ዑደት ኣብ ሃገራዊ ቤተ-መዘክር ኤርትራ፡ ጉዕዞ ናብ ሆስፒታል ሓሊበት’ዩ ኩይኑ። ኑቶም ኣብ ክፍሊ ህጹጽ ረዲኤት ናይ’ቲ ሆስፒታል ዘለዉ ሕሙማት ከኣ፡ ብኣጋጣሚ በዓል ናጽነት ኤርትራ፡ ምልክት ሰናይ ምንዮቶም ንክፍሲ-ወከፎም ብኣስመራ ፍላወርስ ዝተበርከተ ፍዮሪ ብምሃብን ባላንቺና ብምእሳርን፡ “ምሕረት የውርደልኩም” ኢሎሞም። እዚ ብዲዛይነራትን ሞዴላትን ኤርትራ ዝተወሰደ ንመንፈስ ሕሙማት ዘበራትዕ ሰናይ ሕልና’ዚ፡ ኣብ ሞራል ተሓከምቲ ዓቢ ተሰፋን ኒሕን ዘሰረጸ ምንባሩ ከኣ፡ ሓላፊ ክፍሊ መጥባሕቲ ዶ/ር ዮሴፍ ዮውሃንስ፡ ኣመሓዳሪ ናይ’ቲ ሆስፒታል ኣቶ ደብሳይ ሓየሎም፡ ከምኡ’ውን ኑቶም ሕሙማት ዝኣልያ ነርሳት፡ ኣደናቖት ብዘተሓወሶ ስምዒት ገሊጾሙልና። እዚ ንሕሙማት ዘበራትዕን ንባህልናን ክብርታትን ዘኮልሕን ቅዱስ ተበግሶ፡ ካልኦት ክስዕብዎ ድማ ተላብዮም።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ብወከልቲ ናይቶም በጻሕቲ፡ ንቐጽሪ ሆስፒታል ሓሊበት ናብ ሓምላይ ንምቕያሩ ዝዓለመ፡ ፈልሲ ቱፋሕ (ሜለ) ኑቲ ሆስፒታል ተበርኪቱ። ቀጽሪ ሆስፒታል ሓሊበት ዝተፈላለዩ ናይ ፍሩታታትን ካልእን ፈልሲታት ብምትካል ናብ ሓምላይ እንትድኣ ተቐዪሩ፡ ሕሙማት ክዘናግዑሉ፡ እናተዘናግዑ ድማ ማይ ክሰትዩዎን ሞራሎም ክሓድሱን ስለዝጉብር፡ ምምሕዳር ሓሊበት ምስ ተመሳሰልቲ መሻርኽቲን ግዱሳት ዜጋታትን እናተሓባበረ ፈልሲ ናይ ምትካል ተበግሶ ክደፍኣሉ ኣገዳሲ’ዩ።

ብድሕሪ’ዚ፡ እቶም ዑደት ዘካየዱ ዲዛይነራትን ሞዴላትን፡ ናብ’ታ ኣብ 1938 ዝተሰርሐት ቀዳመይቲ መናፈሻ ማይ ጃሕጃሕ’ዮም ኣምሪሖም። ብዛዕባኣ ዝምልከት ከኣ፡ ብጆሜትራ ጴጥሮስ መግለጺ ተዋሂቡዎምን ናይ ሓባር ስእሊ ወሲዶምን። ኣብ ናይ ድሕሪ ቐትሪ መደቦም ከኣ፡ ፊያታሌሮ፡ ባር ዘሊ፡ ሲኒማታት ሮማን ኣዝመራን፡ ካቴድራል፡ መስጊድ ጃምዕ ኩላፋ ኣራሺዲን፡ ጨርሒ፡ ቤት ገርግሽን ድርፎን በጺሖም። ብጆሜትራ ጴጥሮስን ካልኦት ኣብ’ቲ ዝበጽሑዎ ቦታታት ዝጸንሑዎም ሞያውያንን ከኣ፡ ታሪኾምን መንነቶምን ንኽፈልጡ ከምኡ ድማ ኣብ ምዕቃቡን ምጉልሑን ክጻወትዎ ዘለዎም ተራን ኣበርክቶን ዝሕግዞም መግለጺ ተዋሂቡዎም።

ብዛዕባ’ቲ ዑደት፡ ንገለ ካብቶም ዲዛይነራትን ሞዴላትን ተወኪስናዮም ነይርና።

ፈለማ ስምዒቱ ዘካፈለና ዲዛይነር ነጋሲ ሃብተጽዮን’ዩ። ዲዛይነር ነጋሲ፡ እቲ ዑደት ብሸሉ መለክዒ ዕዉትን ንበዓል ናጽነት ዘድምቐን ምንባሩ ብምግላጽ፡ ዘቤታዊ ቱሪዝም ንኽኮየድ ዘተባብዕን ዘቃቕሕን ከምዝኾነ ሓቢሩ። ንሱ ወሲኹ፡ እቲ ዑደት፡ ብቐዳማይ ደረጃ ኑቶም ኣብ ከተማ ኣስመራ እናነበሩ፡ ግን ከኣ ንከተማ ኣስመራን ሓቚፋቶ ዘላ ኣደናቒ ታሪኽን ውቃበን ዘይፈልጡን ክሱብ ሕጂ ዘየስተውዓልዎን ዜጋታት፡ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ነገራት ክድህስሱ መልእኽቲ ምትሕልላፍ፡ ብኻልኣይ ደረጃ ድማ፡ ከተማ ኣስመራ እትውንኖ ሰላም፡ ዓሚቚ ታሪኽ፡ ተባሂጊ ክሊማ፡ ድንቂ ኣርቲዴኮ ወዘተ፡ ካልኦት ከምዝፈልጡዎ ንምግባር ዝዓለመ ምዃኑ ሓቢሩ። ብዘይካ’ዚ እቲ ዑደት፡ ከም ዲዛይነራት መጠን፡ ባህላዊ ኣለባብሳ ብሄራት ኤርትራ ብዘመናዊ ቅዲን ፈጠራውነትን ብምቕራብ ንታሪኽን ባህልን ብዘውክል መንገዲ ኩዳልውዎ ዘድርኽ ምንባሩ ኣረዲኡ። ንሱቶም ኑቲ ዑደት ብጽሞናን ብልዑል ተገዳስነትን ስለዝተኸታተልዎ፡ ኣብ ሞያኦም ዝሕግዞም ግንዛበን ንቕሓትን ክቐስሙ ከምዝሓገዞም’ውን ኣብሪሁ።

ካብ ኣወሃሃድቲ ናይቲ መደብ ኣቶ ፍጹም ኣማሃ ድማ፡ “ዕላማ’ቲ ዑደት ብቐንዱ በዓል ናጽነት ንምድማቕን ሕሙማትን ጽጉማትን ወገናት ክንሕግዞምን ክንዘክሮምን ከምዘለና ንምሕባር’ዩ። ብተወሳኺ፡ ጸጋታትና (Resources) ኣወሃሂድና፡ ብመንገዲ ዘቤታዊ ቱሪዝም ቀጠባዊ ምንቅስቓሳትናን ኣታዊታትናን ክሓይል ከምእንኽእል ንምግላጽ’ዩ። ከምኡ’ውን ኣብ ምዕቃብ ባህልና፡ ታሪኽና፡ ውርሻናን ማሕበራዊ ክብርታትናን ክንነቕሕን ከምዘለና ንምርኣይ እዩ” ክብል ገሊጹ።

ሞዴል ሄለን ተወልደን ሞዴል ዮናስ ክብሮምን ብግደኦም፡ ሳላቲ ዝተወደበሎም ዑደት፡ ብፍላይ ኣብ ሃገራዊ ቤተ-መዘክር ኤርትራ ተዓቂቡ ዝርከቡዎ ንኤርትራ ብዓለም ደረጃ ከስምያ ዝኽእል ኣሰር ሂወትን ታሪኽን፡ እምብዛ ከምዝደነቖምን ፍልጠቶም ከምዝበረኸሎምን ብምምልካት፡ ኣብ’ቲ ዝሰጥፉሉ ሞያ፡ ንታሪኾምን ባህሎምን ብዘውክል መንገዲ ኣሰፊሖም ክሓስቡን ክሰርሑን ከምዘለዎም ክርድኡ ከምዝሓገዞም ሓቢሮም። በዚ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ኩሉ ሞያ ዝሰጥፉ ዘለዉ ኤርትራውያን መንእሰያት ድማ፡ ባህሎምን ታሪኾምን ክፈልጡ ተመሳሳሊ ዑደት ክገብሩ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ መወዳእታ ኣቦ መንበር ሃኩል ዲዛይነራት ኤርትራ፡ ዲዛይነር ኣብርሃም ስልጣን’ዩ ርእይቶኡ ኣካፊሉና። ንሱ፡ ከምዚ ዓይነት ምስ ታሪኽን ባህልን ሃገርካ ዘላሊ ዑደት ምግባር፡ ብፍላይ ኑቶም ኣብ ሞያ ዲዛይንን ሞዴልን ዝሰጥፉ ዜጋታት፡ ኣብ ባህሎምን ታሪኾምን ዘለዎም ንቕሓት ንኸበርኽ ዝሕግዞም’ዩ ኢሉ። ብመንገዲ’ቲ ፈጠራውነት ዝተሓወሶ ዘመናዊ ቅዲ ዲዛይን ኣልባሳት፡ ንባህሊ ኤርትራ ኣብ ዓለማዊ መድረኽ ንምልላይ ንዝገብሩዎ ዘለዉ ጻዕሪ ድማ፡ ተወሳኺ ሓይሊ ስለዝኾኑዎም፡ እዚ ዑደት’ዚ ኣገዳስነቱ ልዑል ምዃኑ ሓቢሩ። ኣብ መጻኢ’ውን ተመኩሮን ክእለትን ንምልውዋጥ፡ በዚ ከይተሓጽሩ፡ ተመሳሳሊ ዑደት ብዘበለጸ ውዳበ ክካየዱ ምዃኖም ገሊጹ።


በጻሕቲ ኣብ ሓሊበት ሆስፒታል



በጻሕቲ ኣብ ሃገራዊ ቤት-መዘክር ኤርትራ

# መድረኽ ርእይቶ

ኣግረ ወልደኣብ

## ኣገናዕ ደራሲ 'ንጣብ ዝኽሪ ዘመን'

ንዙሓለፈ ታሪኽ ደገምካ ብመልክዕ ድራማ ከተቕርቦ ከለኻ፡ እቲ ዝሓለፈ ኣሰቃቒ ግፍዒ ከመይ ከም ዝነበረ ኣርእዩ እዩ። እቲ ድሒሩ ዝተወልደን ነቲ ታሪኽ ዘይሰምዐን ዜጋ ድማ፡ ዓወት እትርከብ፡ ንግፍዕታትን ከበድ ማሰኛትን ተጻዊርካ፡ ብስደትን ከልበትብትን መሪር ህይወት ኣሕሊፍካ፡ ሰንክልካን ተሰዊእካን ምኻና ብዓይኑ ንኽርእዮ እትሕግዝ እያ።

ፊልም "ንጣብ ዝኽሪ ዘመን" ካብ መጀመርታ ክሳብ መጨረሻታ ብህዝቢ ተቐባልነት ብምርካብ ንደራሲኣ 'እንቋዕ ሓጎሰካ' ክብሎ እዩ። ይዕበ ይንኣስ ህዝቢ፡ ነዛ ፊልም ክርኢ ይጽዕር ከም ዝነበረን ከይመጻ ከም ዝተዛዘመትን እየ ተዓዚበ። ብፍላይ'ውን ብወገን ደራሲ "ንጣብ ዝኽሪ ዘመን" ዝብል ኣርእስቲ ስለ ዝሃባ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓንቲ ፊልም ክጽበርቕ ስለ ዘይከኣልን እዛ ፊልም ከም ኣርእስታ ንጣብ ካብቲ ታሪኽ ኣካፊላ ኣላ። ክትቅጽል እውን ተስፋ እገብር።

ብሓፈሻ ንኽሉቶም ኣብ "ንጣብ ዝኽሪ ዘመን" ዝሰርሑ ተዋሳእቲ ምስ ደራሲኣ ኣገናዕ እብሎም።

ዕምርጂ እድሪስ ዓፂቓይሕ

## ዕንወት ኣግራብ ብሰበብ መመወጺ

ን'መመወጺ' ተባሂሉ ዝበርስ ዘሎ ኣግራብ ስለዘተሓሳስበኒ እየ ዝጽሕፍ ዘለኹ። ካብ ሓደ ከተማ ናብ ካልእ ከተማ ክትገዓዝ ከለኻ፡ ብሕልፊ ኣብቲ ከም ታህሰስ ዝኣመሰሉ ኣግራብ ዘለዎ ቦታ፡ መኪና ደው ኣብ እትብለሉ፡ ዳርጋ ዝበዝሐ ሰብ ናብ መመወጺ ክቅዳደም እዩ ዝረኣ። ገለ መራሕቲ መካይን እውን ምእንቲ መመወጺ ኢሎም መኪና ደው ኣብሎም ዝቖርጹ ኣለው። እዚ ዋላኳ ብዓቐሙ ኣብ ምብራስ ገረብ ተራ ዘለዎ እንተኾነ፡ ምናልባት ዝውሓደ ማጠን ክኸውን ይኽእል። እቲ ቀንዲ ግን ፈቓዶ ከተማታትን መንገድን ንመሸጣ ዝቖርብ ርሑስ መመወጺ እዩ።

ምናልባት ሰብ 'መመወጺ ደኣ እንታይ ከየጕድል . . ." ይብል ይኸውን እዩ። እንተበለ እውን፡ እታ እተድልየካ ንእሽቶይ መመወጺ ምቕንጣብ ብዙሕ ሃሲያ ከም ዘይተምጽእ ስለዘውሰድ ክማስል ይኽእል'ዩ። ከምቲ ኣብ ገለ ቦታታት ንዳይ ዘጋጥመኒ ግን፡ እታ ንእሽቶይ እንተበላ መመወጺ ካብ ዓቢ ጨንፈር ተቐንጢባ ትወሰድ ደኣ'ምበር፡ ነታ ንእሽቶይ ንምውሳድ ተባሂሉ ዝቖረጽ ጨንፈርሲ ናይ ብሓቂ ዘተሓሳስብ እዩ። ሓደ ሰብ ነተን ዘድልያኦ ንኽወስድ ገዚፍ ጨንፈር እዩ ዝሰልዕ። ካብቲ መሪጹ ዝወሰዶ መመወጺ ድማ፡ እቲ ዝደርብዮ እዩ ብዐጽፍታፍ ዝዓቢ። ስለዘኾነ ድማ፡ ኣብ መንገዲ ጊንዳዕ መንገዲ ከረን ካልኦት ቦታታትን ኣብ ገሊኡ ቦታ እቲ ንመመወጺ ዝኸውን ኣግራብ እናሰሓወ እዩ ዝመጽእ ዘሎ።

ኣግራብ፡ በዐጽዋሩ ጨናፍርም እንተ ተቖሪጹን ኣቖጽልቲም እንተ ረጊፉን ብስሩዕ ክዕብዩ ከም ዝኽእሉ፡ እንተ በዚሑ ድማ ከም ዝሓርሩ ሕቶ ዘየድልዮ ሓቂ እዩ። እቲ እናኣሸዐ እናተቖርጸ ዝደርበ ጨናፍርን ኣቖጽልትን ማስተንፈሲኦምን መጠኒ ዝሰርሕሉን ስለዘኸኑ፡ ካብቲ ቀንዲ ኣካሎቶም ኮድስሎም ከም ዘለና ክንሓስብ ይግባእ። ከምቲ ሰብ ገለ ካብ ኣካላቱ ምስ ዝኸደል ናብራኡ ምኽእ ዘይከውን፡ ኣግራብ እውን ጨናፍርም እናሻዕ እንተ ተቐንጢጦ ብጽቡር ክዕብዩ ኣይክእሉን፡ ከምኡ'ውን ኣብ መውጽኦታ ክሞቱ ወይ ክሓርሩ እየም።

ብቑጽሮም እዞም 'መን ኢኻ' ዝብል ዘይብሎም ወይ ድማ ተሓቢኦም ጨናፍር ናይ ኣግራብ እናመልዓሉ ዘይጠቕማ ስልዲ ክረኽቡ ንጸው ኒጀው ዝብሉ፡ ንመመወጺ ክብሉ ዒቢ ብርስት የስዕቡ ከም ዘለዉ ክስወጦም ይግባእ። እዚ ዘለናዮ እዋን በቲ ሓደ ወገን ብዩረዳ ዓለም፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ብዩረዳ ሃገርና ኣግራብ በሪሶም ኣብ ኣሽፈ ከቲታት ኢና ዘለና። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት፡ እንተ ኾነ ኩላትና ዋላ ሓንቲ ጨንፈር ገረብ ከይትቕረጽ ብዝገዳሰት ምክልኻል ደኣ ምተገብአ እምበር፡ ናይ ሓደጋ ጥፍኣቶ እናሰኖዥና ባዕልና ማለስና ከሰብርስ ሃንቲ እዩ። ወዲሉ ሓደሩ ድማ ንክኡርእስና ዝኸይደእ ስለ ዝኾኑ፡ ንክበሰና ንቕትል ከም ዘለና ክንግንዘብ ይግባእ።

ንመመወጺ ተባሂሉ ዝግበር ብርሰት፡ ነቶም ኣብቲ ከባቢ ዘለዉ ቀሊል ስራሕ ብምኻኑ፡ ብብዝሒ ቖልዑ ዝሳተፉዎ ምኻኑ እየ ተገንዚበ። እዞም ንኣሽቱ ቖልዑ ነቲ ዕንወት ኣይግንዘቡዎን ይኾኑ። እንተ ኾነ ግን፡ ገሊኣቶም ብወለዶም ተላኢኾም ወይ እውን ብኣፍልጦ ወለዶም ይገብሩዎ ከም ዘለዉ ፍሉጥ ስለ ዝኾነ፡ ዓበይቲ ሰባት ብሕልፊ ድማ ወለዲ ዓገብ ክንብል ኣለና። ነቲ ጸባሕ ንግሆ ዝስዕብ ሓደጋ እውን ብዘተኻእለና መጠን ንደቅናን ቖልዑን ከረድኦም ይግባኣና። ካብዚ ሓሊፉ ተራፉ ድማ እቲ ዝ. ጉዳይ ዝምልከቶ ኣካል ነቲ ተርእዮ ዝቆጻጸረሉ መንገዲ ክፈጥር ሎሚ ጽባሕ ዘይብል ህጹጽ ሓላፍነት እዩ። እንተ ዘይከኣለ፡ በቲ ሓደ 'ንገርብ እናበልና ንጭድር፡ በቲ ሓደ ድማ ነብርስ እንተ ኄንና፡ መጻኢና ዝኸፍኡ ክኸውን እዩ። ስለዚ ሃ ኩላትና ኣግራብና ንምክልኻልን ንምንስሳን ብሓላፍነት ኣእጃምና ንግበር።



በዓሂ ካብ ጊንዳዕ

## ህጹጽ ቆላሕታ ዘድልዮ ጎደና



እዚ ወቑብ ጎደና ብውሕሉላትን ክኢላታትን መሃንድሳት ሃገርና ዝተሰርሐ ምኻኑ ግሉጽ እዩ። ንዘወርዳን ዝድይባን መካይን ኣኺሉ ዝተርፍ ስፍሓት ዘለዎ ኩይኑ፡ ንኣጋርን ሱብ ብሽክለታን ምሉእ ውሕስነት ድሕነት ዘማልእ ምኻኑ ዝረኣየን ዝተዓዘቦን ዝምስክሮ እዩ።

እዚ ጽርግያ'ዚ ካብ መዓስከር ደንደን ንሸነኽ ምዕራብ ዝርከብ ኩይኑ፡ ብቲራቮሎ፡ ስፐያሱ፡ ቀኘት ኣቢሉ ክሳብ ጻዕዳ ክርስትያን ዝዝርጋሕ መስመር ቅጥራን ዘለዎ ምቹእ ጽርግያ እዩ። መካይን ይኹን ብሽክለታ፡ ነዚ ደስ ዘብል ጽርግያ ብዘረገጹ ምቾት ብዘዋስሎን ሓርገጽገጽ ብዘይብሉን ኩነት'የን ጉዕዞኣን ዘሰላስላ።

እንተኾነ ግን፡ ናይ ጎደና መብራህቲ ናይ'ዚ ምቹእን ወቑብን ጽርግያ፡ ንፎርማ ወይ ንመልክዕ ጥራይ ከም ዝተሰቐለ ኩይኑ ተሪፉ ይርከብ። ካብ ጫፍ ምዕራባዊ ሸነኽ መዓስከር ደንደን ክሳብ ንላየን ሆቴልን ስፐያስን ዘራኽብ ጅራ ፊዮሪ ዘለዎ ቦታ፡ ኣብ ግዜ ምሸት ወይ ለይቲ ብጸላም ዝተጕብአን ዘይድረፈ በረኻን ብምምሳሉ፡ ካብ ሰዓት ትሸዓተ (00፡9) ናይ ምሸት ንደሓር ንምሕላፋ (ብሕልፊ ንሱብ ብሽክለታን ኣጋርን) ኣሰጋኢ። ኩይኑ ይርከብ ስለዘሎ፡ ጸልማት ከደና ንዝቃጸዉ ሰረቕትን ዓመጸኛታትን መቺኡሎም ኣሎ። ስለ'ዚ ዝምልከቶም ኣካላት ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ስፍራ ቆላሕታ ክገብሩን ተገዳስነቶም ከርእዩን እላቦ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ'ቲ ጎደናታት ዝርከቡ ንውሕጅን ንማይ ክረምትን ተባሂሎም ዝተሰርሑ ፋኛቱራታት፡ ካብ'ቲ ከባቢ ጉዝውቲ ሽንትን ቀልቀልን ስለ ዝጕሓፎም፡ ገለ ገለ ካብ'ቲ ፋኛቱራታት እቲ ናይ ሓጺን ረተኡ ብኣሲድ ናይ ሽንቲ ተበታቲኹ ከይኣክል፡ ዝፈጥሮ ጨና ንሓለፍቲ መንገዲ ኣሸጋሪ ኩይኑ ኣሎ። እቲ ጎደና ተውዳደርቲ ብሽክለታ ልምምድ ዝገብሩሉን ዓበይቲ ውድድራት ቅድድም ብሽክለታ ዝካየደሉን ብምዃኑ፡ ንጥዕና ስፖርተኛታት ዝጎድእ ብምዃኑ እውን ዝምልከቶ ኣካል ነዚ ህጹጽ መግትኢ ክገብረሉ ኣዘኻኽር።

ቢንያም ኪዳን ካብ ኣስመራ

## ኣገልግሎት ፖስታ ሓውሲ ከተማ ሃይኮታ

ኣገልግሎት ፖስታ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ወሽጥን ወጻእን ዝህቦ ዘሎ ኣገልግሎት ብቐሊሉ ዝረኣን ዝግመትን ኣይኮነን። ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ፡ ሓውሲ ከተማ ሃይኮታ ህዝቢ በዚ ኣገልግሎት ፖስታ ኣብ ርሑቕን ቀረባን፡ ኣብ ወሽጥን ወጻእን ምስ ዝርከቡ ቤተሰቡ፡ ኣዝማዱ፡ ደቁ፡ ወለዱ፡ ይራኸብ ነይሩ። ሕጂ ግን ካብ ዘይራኸበ ነዊሕ ዓመታት ኰይኑ።

እዚ ኣገልግሎት ፖስታ'ዚ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ካብ ዝዕጾ ነዊሕ ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። ብምዕጻዉ ቆላሕታ ኣይተገበረሉን። ንፍታሕ እውን ዝተገበሰ የለን። እቲ ህዝቢ ካብ'ቲ ኣገልግሎት ዝረኽቦ ዝነበረ ሩፍታ፡ ከምኡ'ውን ኣገልግሎት ፖስታ ዝረኽቦ ዝነበረ ረብሓ ምቕራጹ ክሳብ ክንደይ ጉዳኢ ምኻኑ ኣገልግሎት ፖስታ ይፈልጦ እዩ።

ስለ'ዚ፡ እዚ ህዝቢ ሃይኮታን ከባቢኡን ምስ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዘራኽብ ዝነበረ ኣገልግሎት ፖስታ ዳግም ስራሕ ንኽጅምር፡ ኣገልግሎት ፖስታ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ተዘራሪቡ ፍታሕ ክገብረሉ እላቦ።

ብርሃኑ ካብ ሃይኮታ

# ማህደር ጀጋኑ

# ኣብ ድሮ ናጽነት

## ሺሃብ ኣርኣያ

ሌ/ኮ ዮናስ ተዓገስ

ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል

ሰገድ ድሕሪ ምውላዱ፡ ክሳብ ምፍራስ እዚ ናደው ዝበሃል እዋን፡ ተጋዳላይ ኣብ ቀጻሊ ውግእ ተጸሚዱ ብምንባሩ ወዲ-ኢሳቕን ኣቦኡን ናይ ዕረፍቲ ግዜ ኣይረኸቡን፡፡ ኣፍዓበት ምስ ተታሕዘት ግን ብመጠኑ ንእሽተይ እፎይታ ተረኸበ፡ ኣቦ ንህጻን ሰገድ ወዳ ሒዛ ናብ ኣፍዓበት ብምምጻእ፡ ንቀረብ ግዜ ኣብ ሻባይ መንደር ኣዕረፉ፡፡ ካልኣይ ውላድ ድማ ረኸበ፡፡ "ወዲሱብ ኣብ ዕላማኡ ጽኑዕ ክኸውን ኣለዎ!" ዝበለ ወዲ-ኢሳቕ፡ እዚ ካልኣይ



ወዱ "ጽንዓት" ኢሉ'ዩ ሰምይዎ፡፡

ኣቦ ደማስ ምስ በጽሐት፡ ደቂ ኣሃዱኡ ንወዲ-ኢሳቕ ተቐቢልዋ፡፡ ብሀላወኡ እናተጠራጠረት ከላ ድማ፡ ደርጓዕ ዝበለ ድምጺ ሰሚዓ ቁሊሕ በለት፡፡ ኣብ ቅድሚኣ እቲ ነዊሕ ዝቐመቱ ጽሙእ፡ ጭሑም በዓል ቤታ ደው ኢሉ ነበረ፡፡ ምእማኑ ኣጸገምዋ፡ "ወዲ-ኢሳቕ!" ብምባል ሓቚፉ ሰዓሞ፡፡

"ኢሂ ኣቦ ደሓን ዲኺ?" ክብል ሓተታ ገጹ ከይብርሀ፡፡

"ደሓን'የ!" ብምባል ፍቕሪን ሰግኣትን ብዝምልኦ ኣጠማምታ ጠመቶ፡፡

"ሰገድ፡ ጽንዓት፡ ከመይ ኣለዉ?" ሓተታ፡፡

"ጽቡቕ . . . ሰገድ ኩሉ ግዜ 'ዩ ዝዝክረካ፡፡"

"ኣብ ኣፍዓበት ስራሕ ስለዘበረኒ፡ ንእግረ መንገደይ ክርእየካን ሰላም ክብለካን እየ መጺአ፡፡" ኢላ ድጉል ናፍቖታን ሓዲሩዋ ዝበረ ሰግኣትን ደርጉሓትሉ፡፡

ተጋዳላይ ከም ኩሉ ፍጡር ዘፍቅር ልቢ'ኳ እንተለዎ፡ ሰውራ ዝሓተቶ ባህልታት ግን ኣለዎ፡፡ ወዲ-ኢሳቕ ከም ኣዝዩ ባጢሉ'ንን ጉዳይ ተጋዳላይን ፍቕሩን ስምዒቱን ኣብ ውሽጡ ዓቂቡ ክጻወር ግድን'ዩ ነይሩ፡፡ ኣቦ ነዊሕ ተጓዒዛ ክትርእዮ ናብ ዓውደ ውግእ ምምጻኣ ልቡ ተንከፎ፡፡ ንሱ'ውን ተጻዊርዎ እምበር ናፍቖት ደቁን በዓልቲ ቤቱን ነይሩዎ እዩ፡፡ ንቤትጽሕፈቱ ከይዶም፡ ምሉእ ለይቲ ከዕልሉ ድሕሪ ምሕዳር፡ ንጽባሒቱ ንግሆ ንቦታኣ ናብ ዒታሮ ኣፋነዋ፡፡

ድሕሪ'ዚ ነዊሕ ኣይጸንሐን፡፡ እቲ ናይ መወዳእታን ደምሳሲን መጥቃዕቲ ግንባር ደቀምሓረ ተኸፍተ፡፡ ኣሃዱ ወዲ-ኢሳቕ መፍናይዝድ ብርጌድ 34 ኣብ ብርቱዕ ውግእ ኣተወት፡፡ ወዲ-ኢሳቕን ዘኮርያስን (ወዲ- ኣቦ) ዝመርሕዎ ታንከኛ በጦሎኒ ብክልተ ኣንፈት'ዩ ንመጥቃዕቲ ተበገሰ፡፡ ወዲ ኣቦ ዝሓዞም ገለ ክፋል ናይቲ ኣሃዱ፡ ብኣዘዙዚ ብርጌድ ኣያም በገን ኪዳነ ተስፋይን (ወዲ-ሰኞራ) እናተመርሐ፡ ብሸንኽ ኣፈልባ ከቢድ መጥቃዕቲ ከፈተ፡፡ ጸላኢ፡ ኣሎ ዝበሃል ኣጸዋርኡ ኣቐሚጡ፡ ብሓያል ደብዓብ እዩ ተቐቢልዎም፡፡ ምዑታት ተጋደልቲ ግን ኣጋርን መፍናይዝድን ብሓባር ተዋሂደም ኑቲ ብርቱዕ ደብዓብ ተጻዊሮም ዕርድታት ጸላኢ እናፍረሱ ንቕድሚት ቀጸሉ፡፡ ኣብ ኣፈልባን ከባቢኣን ዝበረ ሓይሊ ጸላኢ ደምሲሶም ከኣ ደቀምሓረ ኣተዉ፡፡ ድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ደቀምሓረን ከባቢኣን ዝጸንሑም ተረፍ መረፍ ሓይሊ ጸላኢ እናቐረሙ ኣንፈቶም ናብ ኣስመራ ኣቕንዑ፡፡

ጸላኢ ንደቀምሓረ ጉዲፉ ናብ ደቒናዞ ኣንሳሓበ፡ በቲ ተሰፋ ቁሪጹ ዘካይዶ ዝበረ ናይ ዓይኒ የብለይ ሰኒ የብለይ ብርቱዕ ደብዓብ፡ ከም በዓል ሰለሙን ኣብርሃ (ስራጋርተር) ዝኣመሰሉ ጀጋኑ ተሰውኡ፡፡ ወዲ-ኢሳቕ፡ ብወገን ዓዶርሶ ኩይኑ'ዩ ኑቲ ኩነታት ዝከታተሎ ነይሩ፡፡ ብኮሚሽነር በጦሎኒ ወዲ-ኣቦ ዝምራሕ ክፋል ኣሃዱኡ፡ ኣንጻባራቒ ዓወታት እናመዝገበ ንወቐርቲ ገጹ ክግስግስ እንከሎ ድማ፡ ኣብ ዘለዎ ኩይኑ ይሕብሮን ኩርዓት ይሰምዖን ነበረ፡፡

ዘኮርያስ ወዲ-ኣቦ፡ ምስ ኣጋር ሓይልታት ተወሃሂዱ ንቕድሚት እናመረሸ እንከሎ፡ ኣብ ክሳድ ወቐርቲ ከበጽሕ ንምእማኑ ዘጸገም መልእኽቲ ራድዮ በጽሖ፡፡ "ወዲ-ኢሳቕ ተሰዊኡ!" ዝበለ ዘሰንብድ መልእኽቲ!

"ከመይ ገይሩ ክኸውን ይኽእል፡ ምሽ ሕጂ ብራድዮ ክረኽቦ ጸኒሐ፡፡ ኣብ ዝበን ዓዶ ርሶ 'ኸ እንታይ ክዝርሞ ይኽእል? ኣይተረድኣንን እሞ እታ መልእኽቲ ደጊምካ ርኣየ!" በሎ ኑቲ ኦፕረይተሩ፡፡ ወዲ-ኣቦ ኣእምሮኡ እዩ ምቕባል ኣብዩዎ እምበር፡ ኣብ መልእኽቲ ጌጋ ዝበሃል ኣይነበረን፡፡

ኣብ ኩናት ብዙሓት ዘርሙ ዓይነት መሰዋእቲ እዮም ዘጋጥሙ፡፡ ወዲ ኢሳቕ፡ ካብቲ ኣዝዩ ጽንኩር ቀዳማይን ካልኣይን ኩናት ሰምሃር፡ ካብ ረመጽ ብዙሓት ካልኦት ውግኣትን ንሰከላ ይድሕን ከምዝይነበረ፡ ኣብዚ ናይ መጨረሻታ ውግእ፡ እሞ ከኣ ካብቲ ብርቱዕ ግጥም ዝካየደሉ ዝበረ ከባቢ ቀረብ ምሕደግ ኢሉ ኣብ ዓዶርሶ እንከሎ፡ ጸላኢ ብዘዘንቦ ዝበረ ናይ መወዳእታ ቦምባ ተወቒዑ ወደቐ፡፡ በቲ ደብዓብ ምስኡ ዝበሩ ራድዮ ኦፕረይተረት ሳራ ጉብረስላሴን ሚካኤል ብርሃን ከም'ኡውን ሸዑ ሓላፊ ሓይሊ ኩይኑ ዝተመደበ ኣባል ወተሃደራዊ ሃንደሳ ሙሉጌታ ኣስፍሃ (ዋስዕ) ምስኡ ሓቢሮም ተሰውኡ፡፡ ብሓንቲ ቦምባ ሓሙሽተኦም ጀጋኑ ብዕለት 23 ግንቦት 1991 ልክዕ ሰዓት 1:00 ተሰዊኦም፡፡ ሳሙኤል ጸጋይ (ቦርምቦጣዕ)፡ ኮሚሳር ብርጌድ ኪዳነ ተስፋይ (ወዲ-ሰኞራ) ስለዝጸውዖ ሓሙሽተ ደቒቕ ይጉብር ካብኦም ተፈልዩ ስለዝጸንሐ እምበር ሻድሻዮም ምኾኑ፡፡ እቲ ዘርም ሚካኤል ብርሃ ዓሶ ሓሚሙ ሕክምና ቀንዩ፡ ብጽቱይ ከየግድዕ ክብል ጸማልያ እንከሎ'ዩ ንዓዶርሶ ደይቡ፡፡ ኣባል ወተሃደራዊ ሃንደሳ ሙሉጌታ (ዋስዕ) ምስ ምልክቱ፡ ኑቲ ኩነታት ብቐረባ ክከታተል ክብል እዩ ናብቲ ወዲ-ኢሳቕ ዝበሮ ቦታ መጺኡ፡፡ ኮሚሳር ብርጌድ ወዲ-ሰኞራ ኣቐድም ኣብሉ ንወዲ-ኢሳቕ ካብታ ዝበራ ታባ ክወርድ ሓቢርዎ ነይሩ እዩ፡፡ ወዲ-ኢሳቕ ግን፡ "ሐራይ ተረዲኣካ ኣለኹ!" ኢሉ ታንክታቱ ኣብ ምውዳብ ኣድሂቡ እንከሎ'ዩ እቲ ዘሕዝን ፍጻመ ኣጋጢሙ፡፡

እቲ ዝያዳ ዘርም፡ ድሕሪ'ታ ንበዓል ወዲ-ኢሳቕ ዝለከመት ቦምባ ጸጥታ ምስፋኑ እዩ፡ ድሕሪኡ ዳርጋ ተኾሲ ኣይነበረን፡ ንጽባሒቱ 24 ግንቦት ከኣ ኣስመራ ተታሒዛ፡ እቲ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ንናጽነት ተዛዚሙ፡ ኤርትራ ሓራ ኩይና፡፡ ህዝቢ ኣስመራ፡ እታ ን30 ዓመታት ሃንቀው ኢሉ ዝተጸበያን ዝተመነያን ናጽነት መጺኣ ተጋደልቲ ብዓወት ክኣትው ምስረኣዩ፡ ናብ ጉደናታት ተፈንዩ፡ ወዑይ ናይ ሓጎስ ንብዓት እናንብዑ፡ ዓሊሉ፡ ዘሊሉ ዓንዲሩን ጨፊሩን፡፡

ኣቦ (እንኮ) ደቃ ፍርዝን ምስ በሉ፡ ኣብ ቁጠባ ብርጌድ 23 እያ ተመዲባ፡ ግዜ ናጽነት ድማ ናብ ከረን እያ ኣትያ፡፡ ርጉጽ ደኣ ኣይኸነን እምበር ብልቢ እትፈትዎ ሱብ ምስ ዝፍለየካ ብመገዲ ሻዱሻይ ህዋስ ዝመጽካ መልእኽቲ ከይሃለወ ኣይተርፍን፡፡ ብዙሓት ሰባት ሕማቕ ነገር ቅድሚ ምስምዖም ደስ ዘይብል ስምዒት ኣብ ኑብሶም ይእጎድ፡፡ ኣቦ'ውን ወዲ-ኢሳቕ ምስ ተሰውአ ኣይቀሰነትን፡፡ ብፍላይ ወዲ ኢሳቕ ዝራኸቦ ዝበረ "ታይገር" እትብል መጸወዒት ኮድ፡ ወዲ-ኣቦ ክጽውዓ ምስ ሰምዐት፡ ቀጨውጨው ኢልዋ ከተዕለብጦ'ያ ወዒላ፡፡ ሻቕሎታ ጥርዚ ስለዝበጽሐ፡ ትኽ ኢላ ንኣስመራ ክትከይድ'ያ ወሲና፡፡ ናብ ኣስመራ እናኸደት፡ ታንክታት ብርጌድ 34 ወዲ-ኣቦ ሒዘወን ብመገዲ ከረን ክወርዳ ርእያተን፡፡ በርቂ ከም ዝሃረማ ቅዝዝ ኢላ ጠሚተተን፡ ወዲ-ኢሳቕ ምስተን ታንክታት ኣይነበረን፡፡ "ቢቃ ድሕሪ'ዚ መረጋገጺ ኣየድልየንን'ዩ!" ኢላ ድማ ብውሽጣ ወዲ-ኢሳቕ ተሰዊኡ'ዩ ኢላ ደምደመት፡፡ እንተኾነ እቲ ብሓሳባ ዝጸሓቶ ጉዳይ ብጭብጢ ክኸውን ኣይደለየቶን፡፡ ነገር ሕልሚ ክኾኖ ተመነየት፡፡ "ተወጊኡ'ዶ ይኸውን?" ኢላ መህደሚ ሓሳባት ተምጽእ፡፡ ካብ መስዋእቲ ዝኸበደ ነገር ስለዘየለ፡ ምስ ደቃን ሓዳራን ማሚዱ ክትነብር ዋላ ከቢድ ስንክልና ኣጋጢምዎ ክተርፈላ በሃገት፡፡

ኣብ ኣስመራ ኣባላት ብርጌድ 34 ኣብ ማእከል መሰልጠኒ መማህራን ከምዝዘበሩ ስለዝሰምዐት፡ ኣብ እንዳ ኮካ ወሪዳ ናብ ኣሃዱ ወዲ-ኢሳቕ ዝዘበርዎ ቦታ ኣምርሐት፡፡ ኣባላት ናይቲ ኣሃዱ ንዓኣ ምስረኣዩ ክሸንብዱን ካብ ቅድሚ ዓይና ክሕብኡ ምድላዮምን ቀልጢፉ ኣስተብሃለትሉ፡፡ ኤቸምስ እናተባህለ ዝጸዋዕ ብጻይ ብፍላይ ንዕኣ ምስረኣየ ስምዒቱ ምቁጽጻር ሰኣነ፡፡ ኣቦ ገጹ ከተንብቦ ግዜ ኣይወሰደላን፡፡

ድሕሪ ሰላምታ፡ "ወዲ-ኢሳቕ'ከ?" ክትብል ሓተተቶ፡፡ ኤቸምስ ቀልዕጽዕጽ እናበለ፡ ብከረን ከምዝመጸት ከይፈለጠ፡ "ምስ በዓል ወዲ-ኣቦ ብስራሕ ተንቀሳቒሶም ኣለዉ፡" ክብል መለሰ፡፡ ኣቦ ከም ዓንዲ ደረቓ ደው በለት፡፡ "ቢቃ ተወጊኡ ክተርፈለይ ተመኒየ ነይረ፡ ኣይኮነን፡ ደሓን ኩን ወዲ-ኢሳቕ! ተፈላሊና!" በለት ብዘይሰማዕ ድምጺ ምስ ኑብሳ፡ ብኡ ንብኡ ድማ ንከረን ክትምለስ ተበገሰት፡፡ ወዲ-ሰኞራ ሱብ ሰዲዱ፡ "ቀልጢፍኩም ምለስዋ!" ኢሉ ሓበሬታ ስለዝሃበ ግን ሽዓ ለይቲ ምስ ብጾታ ሓደረት፡፡ ሕድሮ ግን ኣይኮነን፡፡ ብሓሳብ ቀም ከየበለት'ያ ሓዲራ፡፡

ንጽባሒቱ ከረን ምስ ተመለሰት፡ ኣዛዚ ብርጌድ 23 ሰለሙን ኣብርሃ (ራሻይዳ) ኣብ ባድም ምስ ሓፍታ ዝገደፈቶም ደቃ ከተምጽእ መኪና ስለዝሃባ፡ ትኽ ኢላ ናብ ደቃ'ያ ኣምሪሓ፡፡ ባድም ከይዳ ደቃ ምስ ረኸበቶም ብናፍቖት ሓቚፋ ሰዓመቶም፡፡ ኑቶም ገና ኩነታት ወላዲኦም ዘይፈለጡ ቈልዑ ደጋጊማ ሰዓመቶም፡፡ እዞም ክልተ ደቃ ክንዲ ሽሕ ክኾኑላ ብምምናይ፡ ድሕሪ ወዲ-ኢሳቕ፡ ንዕኦም ሒዛ ከተዕርቦ ቃል ብምእታው ንከረን ተመልሰት፡፡

ብኣጋጣሚ 20 ሰነ መዓልቲ



ሰማእታት፡ ኣሰከሬን ሰውኣት ናብ ግቡእ መቓብር ንምስፋር ኣብ ዝተወደበ መደብ፡ ኣቦ ምስ ሳሙኤል (ቦርምቦጣዕ) ንዓዶርሶ ብምኻድ፡ ኣብቲ ስነስርዓት ተሳቲፋ፡ ንወዲ-ኢሳቕ ሕድሩ ክትሕሉ፡ ብሕልናን መንፈስን መብጽዓኣ ደጊማ ኣረጋገጸት፡፡ ኣቦ ነታ ኣብ ባድም፡ ምስ ደቃ ምስተራኸበት ዝኣተወታ ቃል ከየዕበረት፡ ብዘጋጠማ ናይ ሂወት መሰናኽላት ከይተሳዕረት፡ ንክልቲኦም ደቃ ተኸናኺና ኣዕብያ፡ ፡ ኑቲ ቦኽሪ ወዱ ሰገድ ተኽላይ፡ ኣብ 2014 ኣምሲሉዩ፡፡ ጽንዓት ተኽላይ ድማ ኣብ 2015 ተመርዕዩ፡፡ ኣብቲ መርዓ፡ ሜጀር ጀነራል ሮመዳን ዐስማን ኣውልያይን ብሪጋዴር ጀነራል ተከሌ ርእሶምን (ብላታ) ዝርከብዎም፡ ብዙሓት ሓለፍትን ኣባላትን መፍናይዝድ 74፡ ንስነስርዓት መርዓ ወዲ ስውእ ብጻዮም ተኽላይ ኢሳቕ ኣማዕሪጎሞ ምውዓሎም፡ ተኽላይ ኢሳቕ ክሳብ ክንደይ ክቡርን ተፈታውን ሱብ ምንባሩ ብምድማቕ፡ ንኣቦን ደቃን ኣብ ርእሲ ሞራሎም ዝያዳ ፍናን ዘሰንቕ ኣጋጣሚ ኩይኑ ወዒሉ፡፡




Di- Taezaz Abraha
Photo Archev Photogrph






air europe










## ሓሳባት

# ጸጋታትን ብድሆታትን መድረኽ መቐይሮ




ኩልና ከምእንፈልጦ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን፡ ልኡላውነትና ክቕልብስ፡ ህንጸት ሃገርና ክሕንክል፡ ዘንቀደ ተጻብኦታት ንምምካትን መሰረታት ልምዓት ንምንጻፍን ዓቕሊ ብዘጽብብን ከበድን መሪርን ግዜ ክንሓልፍ ተገዲድና ኢና። ሳላ'ቲ ዘኹርዕ ባህልና፡ ባህሊ መኸተን ጻዕረኛነትን፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ሳላ ፅኑዕን ዓቃልን ኩነት ኣእምሮ ህዝብናን መንእሰያትናን ግን፡ ምስ ኩሉ ፀንቀፋታት፡ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን፡ ብዙይ ብኽኑት ሰሪሕናሉን ተዓዊትናሉን ኢና። ካብ ገድሊ ንናጽነት ናብ ልምዓታዊ ተጋድሎ ክንሰግር እንከለና፡ ካብ ሓሙኽሹቲ ናይ ኩናት ኢና ነቒልና። የግዳስ፡ "ድሌት እንተሎ መገዲ ኣሎ" ከምዝበሃል ድሩትነት ጸጋታትን ተጻብኦታትን ድሌትና ካብ ምፍጻም ኣይዓንቀጹናን። ካብዚ ሓያል ድሌት ተበጊሱና ከምህልሎ ዘኽኣልና ሰብኣዊን ንዋታዊን ዓቕሚ፡ ናይ ምጥቃም ብቕዓትን ርእሰምትእምማንን ድማ ብቐሊል ዝግመት ጸጋ ኣይኮነን።

ማዕረ ማዕሪ'ዚ ልምዓታዊ ተጋድሎ'ዚ፡ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን፡ ከም ወርቂ ብሓዊ ተፈቲንና ኢና። ጸብጺብካ ዘይውዳእ ግዳማዊ ተጻብኦታት ገጢሙና እዩ።

ናይ ሎም ዘመን ጽንብል ናጽነትና እምበኣር፡ ንኹሉ ውዲታት ኣላሽ ኣቢልና፡ እቲ ዝዓበየ ፀንቀፋት ሰጊርና፡ ኣብ መድረኽ መቐይሮ በጺሕና፡ ካብ ዝሓለፈ መድረኻት ዝያዳ ዘተኣማምንን ጭቡጥን ዕድላትን ጸጋታትን ሒዝና ኢና ንጽንብሎ ዘሎና።

### እንታይ እዮም እቶም ጸጋታት?

ኣብዚ ናይ መቐይሮ መድረኽ ዘሎና ወሽጣዊ ጸጋታትን እዚ መድረኽ'ዚ ሓቝፍዎ ዘሎ ዕድላትን ንምርዳእ፡ ጸጋ ቁጠባዊ ዕበየት፡ ፖለቲካዊ ጸጋ፡ ሰብኣዊ ጸጋ፡ ዝብሉ ጉዳያት ምድህሳስ ኣገዳሲ ይኸውን። ምኽንያቱ እዞም ረቛሒታት እዚኦም ንሓይሊን ዕበየትን ሓደ ህዝቢ ወሰንቲ ስለዝኾኑ።

### ጸጋታት ቁጠባዊ ዕበየት፡

ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ንቑጠባዊ ልምዓት ዝዓበየ ኣደህቦን ቀዳምነትን ብምሃብ፡ ንኹሉ ካልእ መዳያት ህንጸት ሃገር፡ ማለት ንፖለቲካዊን ማሕበራዊን ለውጢ ጥጡሕ ባይታ ክንጸርግ በቒዕና ኢና። ዝዓመምናዮ ዕዮ ግዙፉ ብምስክየኒታት ቁጠባዊ ዕበየት ቀሊል ኣይኮነን። ብመጀመርያ ርእስና ንምኽኣል ኣብ ዘሰላስልናዮ ስራሕ፡ ሕርሻዊ ጸጋታትና ብብቑዓት ንምምዝማዝ ዘኽእለና መሰረታዊ መንጸፍ ኣዋዲድና ኣለና። ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ሃገር ክዝንጸም ዘኽኣልና ከዘንቲ ማይ ትሕተ-ቅርጺታት፡ ነቲ ኣብ ዝናብ ዝምርኮስ ያታዊ ኣገባብ ማሕረስ ሃገርና፡ ናብ ዘመናዊ ሕርሻ ኣብ እንቕይረሉ ነጥቢ-መቐይሮ ኣብጺሖምና ኣለው። ተዋዲዶም ዘለዉ ትሕተ ቅርጺታት፡ ተወሳኺ ስርሓት ተኻይዶሎም ኣብ ጠቕሚ ክውዕሉ ኣብ ዝጅምርሉ ኩነ፡ ሕርሻዊ ኣቶትና እናተዓጸፈ፡ ኪኸይድ፡ ንሱ ብጥዕናኡ ንትንሳኤ ኣግሮ ኢንዱስትሪ ትካላት ዒቢ ድርኺት ክፈጥር ምኻኑ ርጉጽ እዩ።

ሰፊሕ ዝመጽእ ጸጋ ዕበየት፡ ዝርግሐ ትሕተ-ቅርጺን ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን እዩ። ምውዳድ ትሕተ-ቅርጺ እምነ መሰረት ኩለንተናዊ ምዕባለ'ዩ። እዚ ብምግንዛብ ብዘተሰላሰለ ሰፊሕ ስራሕ፡ ንወፍራ፡ ቁጠባዊን ንግዳዊን ምንቅስቓሳት ምቹእ ባይታ ዝፈጥር ትሕተ-ቅርጺ ኣብ ምንጻፍ ብዙሕ ዕዮታት ከሳልጡ በቒዖም እዮም። ንኹሉ ኩርናዓት ሃገር ብጽርግያታት ንምርኻብ፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ቀረብ ጸዓት፡ ኣገልግሎት መጓዓዝያን መራኸቢታትን ንምርግጋጽ ክተዩድ ዝጸንሐ ስርሓት፡ ነቲ ርሑቕ ዝበሃል ዝነበረ ከባቢታት ናይ ምዕባለ ዓብ ከርሕወሉ ክኢሉ ኣሎ። እዚ ከኒት'ዚ ንወፍራ ከምኡ'ውን ንዝተፈላለየ ንግዳዊን ቁጠባዊን ንጥፈታት ምቹእ ባይታ ፈጢሩ ይርከብ። ኣብ ቀረባ መጻኢ ድማ ናይ ወሽጥን ግዳምን ኣውፈርቲ ኣብ ሕርሻ፡ ዕደና፡ ኢንዱስትሪ፡ ጽላት ቱሪዝም፡ ህንጸት ትሕተ-ቅርጺን ኣብይቲን እናዓበየ ክኸይድን ሰፊሕ ናይ ስራሕን ሽቕለትን ዕድላት ክፈጥርን ምኻኑ ርዱእ እዩ። ደሮ እውን ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት፡ ኣውራ ድማ ኣብ ዕደና፡ ኢንዱስትሪን ቱሪዝምን ዘሎ ናይ ወፍሪ ዕድላት፡ ንብዙሓት ናይ ግዳም ኣውፈርቲ ክስሕብ ጀሚሩ ኣሎ። ዛጊት ኣብ ዳህሳስ ዕደና ዝተጸዓ ዘለዋ ኩባንያታት ውሑዳት ኣይኮናን። እናሰሰና ክኸዳ ምኻነን ድማ ፍሉጥ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ጌና ዘይተመዝመዘ ዘሎ ዕቑር ጸጋታት ኣመና ገዚፍ እዩ።

ኣብ ርእሲ'ቲ ዘሎና ምድራዊን ባሕራዊን ጸጋታት ኤርትራ እትርከቦ ከባቢ፡ እቲ ኣገዳሲ ስትራተጂያዊ ቦታ ናይ ዓለምና ምስ ምኻኑ፡ ኣብ ጽላት ኣገልግሎታትን ፋይናንስያዊ ንጥፈታትን ናጻ ዞባ ንግድን ካልእን ዘሎ ናይ ወፍሪ ተኽእሎታት ኣዝዩ ሰፊሕ እዩ። ዘሎና ጸጋታት ቁጠባዊ ዕበየት እምበኣር ብቐሊል ዝግመት ኣይኮነን።

ዛጊት ኣብ ምውዳድ መሰረታውያን ትሕተ-ቅርጺታት፡ ምጥጣሕ ባይታ ንሕርሻውን ኢንዱስትሪያውን ኣፍራይነት፡ ምርግጋጽ ቀረብ ኣገልግሎታት፡ ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወታት፡ ንግዳማዊ ተጻብኦታት እናመከትና፡ ብዙይ ዝኾነ ሓገዝ፡ ኣብ ገዛእ ዓቕምና ተሞርኪስና ዘመዝገብናዮ ብምኻኑ፡ ክሰድቕ ክኢሉ ዘሎ ናይ ምጥቀር ዓቕሚን ብቕዓትን ርእሰምትእምማን እውን እቲ ካልእ ንበሩህ መጻኢና ዘውሕስ ተወሳኺ ጸጋ እዩ።

### ፖለቲካዊ ጸጋ

ሓይልን ብርትዐን ሓደ ህዝቢን ሃገርን ብቐንዱ ፖለቲካዊ እዩ። እዚ ታሪኽናን ታሪኽ ካልኦትን ብዮብሪ ዘረጋግጾ እዩ። ክሳብ ሕጂ ኣብ ቅድሚ ግሁድን ዘይግሁዱን ተጻብኦታት ጸኒዕና ደው ክንብል ዝኸኣልና፡ ሳላ'ቲ ብሓያል ሃገራዊ ሓድነትን ልዑል ሃገራዊ ፍቕርን ዝሰለ ፖለቲካዊ ሓይልና እዩ። ዝሓለፈናዮ ጽንኩር መድረኽ ከኣ፡ ንፖለቲካዊ ሓይልናን ብቕዓትናን ከም ህዝብን ሃገርን ብዘየወላውል መገዲ ደጊሙ ኣረጋጊጽዎ ኣሎ። እዚ ብቕዓት'ዚ ሓደ ካብ ዓበይቲ ጸጋታትና እዩ። ከም ውጽኢት ፖለቲካዊ ብቕዓትና፡ ኤርትራ፡ ኣብዚ ብዮጼትን ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ቅልውላውን ዝሕመስ ዘሎ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ እታ እኹል ወሽጣዊ ሰላም፡ ርግኣትን ሃገራዊ ወሀደትን ስኒትን ዘውሓሰት ሃገር እያ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን።

ከምዝፍለጥ፡ ዘለናዮ መድረኽ፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት እዋን ፖለቲካዊ ነውጺን ቅልውላውን፡ እዋን ረጸሚን ዕግርግርን እዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓለማዊ ከውንነት፡ ኤርትራ ተጻኒጺፋቶ ዘላ ዘተኣማምን ወሽጣዊ ርግኣትን ጸጥታን እምበኣር ብቐሊሉ ዝርከብ ጸጋ ኣይኮነን። ርግኣትን ጸጥታን ድማ፡ ቅድመኩነት ኩለንተናዊ ምዕባለ




ወዲሰብ እዩ። ንወፍሪን ቁጠባዊ ዕበየትን ከኣ እቲ ቀንዲ ተደላዪ ረቛሒ እዩ።

ካልእ ተወሳኺ ፖለቲካዊ ጸጋ ናይ ኤርትራ፡ ንረብሓ ህዝቢ ዝዓለመ ንጹህን ጥዑይን ምሕደራ ምህላው እዩ። ሎሚ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዞባናን ዓለምናን ግዙኡይን ብልሸውን ምሕደራ ሓደ ካብ ዓበይቲ ማሕንቖታት ዕበየት ኮይኑ ይርከብ። ምስዚ ብምንጻጻር፡ ኤርትራ ገበን ስርቂን ብልሽውናን ከም ባህሊ ዘይሰዕረረላ ሃገር ምኻና፡ ንዕበየታ ተወሳኺ ጸጋ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ሳላ ጥሙር ሃገራዊ ሓድነቱን ብፍቕሪ ሰላምን ሓድሕድ ምትሕልላይን ዝግለጽ ዘለዎን ባህሉን፡ እዚ ባህሊ'ዚ መሰረት ዝገበረ፡ ንጹህ፡ ኣሳታፊን ፍትሓዊን ምሕደራን ርጉእ ፖለቲካዊ ስርዓትን ክፈጥር በቒዑ እዩ። እዚ ረቛሒ'ዚ፡ እቲ ቀንዲ መሰረት ምዕባለ እዩ። ምስ ወፋይ ተጋድሎ ህዝቢን መንግስቲን ንልምዓት ተደሚሩ፡ እዚ ጸጋ'ዚ፡ ኣብዚ ሓድሽ መድረኽ ተዓቒቡ ምስ ዝቕጽል እምበኣር፡ ርሑቕ ኣብ ዘይኮነ እዋን ኣብ ኣጻደ ራህዋን ብልጽግናን ከምእንበጽሕ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

### ሰብኣዊ ጸጋ

ሃገር እቲ ቀንዲ ጸጋኣ ዓቕሚ ሰብ እዩ። ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብ ምስ ምሉእ ጥዕና፡ ዓቢ ረቛሒ ንቁጠባዊ ዕበየት እዩ። እዚ ብምግንዛብ፡ ኩሎም ዜጋታት፡ ብሕልፊ ድማ ኣብቲ ኣገልግሎታት ተሓሪምዎ ዝጸንሐ ርሑቕ ገጠራት ዝርከቡ፡ ዕድል ትምህርቲን መሰረታዊ ኣገልግሎት ጥዕናን ዝረኽብሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር ዘረጋገጽናዮ ዓወት፡ ብዓለም ደረጃ ክይተረፈ ናእዳ ዝተረፈ እዩ። ብዓሶ ዝስዕብ ዝነበረ ኣዝዩ ብዙሕ ማጠነ ሞት ክውገድ ምኽኣሉ፡ ኩሎም ቁልዑ ክታብት ዝረኽብሉ፡ ኣዴታት ኣብ ግዜ ጥንሲን ሕርሲን ብቐረባ ክንክን ዝረኽብሉ ዕድል ምፍጣሩ፡ ጉሉሕ መርኣያ ናይቲ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ ሰብኣዊ ምዕባለ እዩ። እቲ መሰረት ተገጺፉ ስለዘሎ ከኣ ካብ ሕጂ ዝተርፍ ስራሕ፡ እዚ ትካላት'ዚ፡ ብዓይነት ዝሀ ኣገልግሎት እናማዕበለን እናወርጸጸን ከምዝኸይድ ብምግባር ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ምብጻሑ እዩ።

ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር ኣገልግሎት ትምህርቲ ብምዕሩይነት ንምብጻሕ ዝተኻየደ ጻዕሪ፡ መሃይምነት ንምጥፋእ ብቑጻሊ ክተዩድ ዝጸንሐ ዘመተ፡ ብዝተፈላለየ መገዲ ማሕበራዊ ንቕሓት ሕብረተሰብ ክብ ንምባል ክተዩድ ዝጸንሐ ጻዕርታት፡ ዓቢ ባህላዊን ማሕበራዊን ለውጢን ምትእትጋርን ክፈጥር በቒዑ እዩ። ኣብ ምምዕባል ሰብኣዊ ዓቕሚ ብዘተኻበረ ዝያዳ ወፍሪ ኩሎም ዜጋታት ዕድል ትምህርቲ ክረኽቡ ምብቅዖም ቀሊል ዝኽኣ ኣይኮነን። ከም ውጽኢቱ ዓመት መጺ ካብ ዝተፈላለያ ኩለኛታትን ኣብያተ ትምህርቲ ሰኣኪናትን ካብ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብና ብዝተፈላለየ ዓውደ-ፍልጠትን ሞያን ዝምረቑ ዘለዉ መንእሰያት ውሑዳት ኣይኮኑን። እዚ ዓቕሚ'ዚ ኣብቲ መድረኽ መቐይሮ ዓቕርዎ ዘሎ ሰፊሕ ዕድላት ክህልዎ ዝኽእል ሰታፊ፡ ህንጸት ሃገርን ቁጠባዊ ዕበየትን ኣብ ምድራኽ ክጻወቶ ዝኽእል ተራ ብቐሊሉ ዝግመት ስለዘይኮነ፡ ሓደ ካብ ኣገዳሲን ዓበይቲን ጸጋታትና እዩ።

### ብድሆታት መድረኽ መቐይሮ

ዝኾነ መድረኽ ኹሉ፡ ብድሆታት ኣለዎ። ብድሆታት ዘይብሉ መድረኽ ፈጺሙ የልቦን። ጉዕዞ ሕብረተሰብ ብድሆታት እናሰገርካ ናብ ዝለዓለን ዝሓሸን መድረኽ ምምራሽ እዩ። በዚ መንጽር'ዚ ክንርእዮ እንከለና ኣብ መድረኽ መቐይሮ ክህልውና ዝኽእሉ ብድሆታት ርዱኣት እዮም። ነቲ ዘለና ጸጋታት ማለት፡ ጸጥታን ርግኣትን፡ ወሽጣዊ ፖለቲካዊ ጸጋ፡ ሰብኣዊ ጸጋ፡ ጸጋታት ቁጠባዊ ዕበየት፡ ማሕበራውን ኣእምሮኣዊ ጸጋ ንምዕናው ዝህቅን ተጻብኦታት ግድን ክህሉ ምኻኑ፡ ኣብ ግምት ክእትዎ ዘለና እዩ። መልክዖቶም ይቀያየር ይኸውን እምበር፡ ዕላማ ተጻብኦታት ዘለውኻ ጸጋታት ምዕናው እዩ። ነዚ ሓቂ'ዚ ብምግንዛብ፡ ተጻብኦታት ኣብ ምምካት ዘለና ብቕዓት ድማ እዩ መጻኢ ጉዕዞና ዕውትን ውሑስን ክገብሮ ዝኽእል። ስለዚ፡ ብመንጽር ዘለውና ብድሆታት፡ ከምቲ ኣብ ዘለና ብቕዓት ኣተኩርና፡ ተራና ተራ መንእሰያት እንታይ ክኸውን ከምዘለዎ ምንጻር ኣገዳሲ ይኸውን።

1

መድረኻዊ ብድሆታት ብብቕዓት እናፈታሕና፡ ኣብቲ እንደልዮ ዕላማ ክንበጽሕ፡ እቲ ቀንዲ ረቛሒ ናይ ብቕዓት ዝኾነ፡ ፖለቲካዊ ሓይልና ክስስኖ ኣሎና። ክሳብ ሕጂ ብዓወት ክንምርሽ ዝኸኣልና ብሓይሊ ኣጽዋር ወይ ሓይሊ ቁጠባ ኣይኮነን። ብሓይሊ እምነትን ኣተሓሳስባን እዩ። ስለዚ ኣብዚ መዳይ'ዚ ኤርትራዊ መንእሰይ ሰንፍና ከተኣታቱ ኣይግባእን። ነቲ ምስጢር ዓወትና ዝኾነ ሃገራዊ ክብርታት ምዕቃብ ብቕጻሊ ክጽዕረሉ ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ወልቃውነት እቲ ቀንዲ ንሓደ ሕብረተሰብ ንሓደጋ ዘቃልዕ ሕማም እዩ። ስለዚ ሓብራዊ ረብሓ ወትሩ ቅድሚት ክስረዕ ኣለዎ። እዚ ንምርግጋጽ ድማ ሰሓብነዊን ፖለቲካዊን ብቕዓት መንእሰያት ክሕየል፡ ውዳበ ክጥንክር የድሊ። ምኽንያቱ እቲ ናብ ዓወት ዘብጽሕ ሓያል ረቛሒ ውዳበ እዩ። ውዳበ ከኣ ካብ እምነት እዩ ዝቅላ። ዝጸንሐ ሓያል እምነትን ሃገራውነትን ተዓቒቡ ክቕጽል እምበኣር፡ ውዳበን ንቕሓትን መንእሰያት ክዓቢ የድሊ።

2

እቲ ካልእ ሓደ ህዝብን ሃገርን ናጻ ክኸውንን ቀሲኑ ኣብ ልምዓትን ምዕባለን ክተኩር ዘኽእሎ ረቛሒ ወተሃደራዊ ብቕዓቱ እዩ። ንሕና ኤርትራውያን ብዘይካ ባህጊ ልምዓትን ሰላምን ካልእ ጥሙሕ የብልናን። ሓደ ፍሉጥን ሓቅነቱ ዝተረጋገጸን ኣበሃህላ ግን ኣሎ። "ሰላም እንተደሊኻ ንኩናት ቅሩብ ኩን።" ስለዚ እቲ ቀንዲ ዋሕስ ሰላምን ዕበየትን ንኩናት ወትሩ ቅሩብ ምኻን እዩ። ከንዲ ዝኾነ እቲ ብዙሕ ዋጋ ከፊልና ዝረኸብናዮ ናጽነትን ልኡላውነትን፡ ኣብዚ ዝሓለፈ 28 ዓመታት ዘጥሀልልናዮ ኹጓሳት ዓወታትን ብዘረብሉን ዘይረብሉን ሓይልታት ኣብ ዘይድፈረሉ ደረጃ ንምብጻሑ፡ ሰላምናን ቁጠባዊ ዕበየትናን ኣውሒስና ሃገራዊ ራእይናን ዕላማናን ንምጭባጥ ወተሃደራዊ ብቕዓትና ናይ ምዕራግ ዕማም ወትሩ ቀዳምነት ክስረዕ ይግባእ። እዚ ድማ ብቐንዱ ናትና ናይ መንእሰያት ቅሩብነትን ድልውነትን እዩ ዝውስኖ።

3

ካልእ ኣገዳሲ ረቛሒ ቁጠባዊ ብቕዓት እዩ። ካብ ጸግዕተኛነት ዝተላቐቐ ድልዱል ቁጠባ ምህናጽ፡ እቲ ቀንዲ ዋሕስ ሓርነትን ሰላምን እዩ። ከንዲ ዝኾነ ውሕስነት መጻኢ ንምርግጋጽ ዛጊት ተኻይዱ ዘሎ ስርሓት፡ ክሳብ'ቲ ሕርሻና ምሉእ ብምሉእ ካብ ተጻብዩኑት ዝናብ ዝላገል ብዘለዓለ ናህሪን ድርኺትን ክቕጽል ኣለዎ። ኣብ ትሕተ ቅርጺ እናሰላሰሎ ዘሎና ስርሓት እውን፡ ደርማስ ቁጠባዊን ንግዳውን ንጥፈት ኣብ ዘኣንግደሉ ደረጃ ንምብጻሑ ብቐጻልነት ክእርሓሉ የድሊ። ባህርያዊ ሃብቲ ሃገር፡ ህዝቢን ሃገርን ተጠቀምቲ ጸጋታቶም ብዝኾንሉ ኣገባብ ሒዝና ብስፍሓት ክንመዝምዞ ዘኽእለና ብቕዓት ከጥሪ ኣሎና። ኣብዚ መዳይ'ዚ ዛጊት ብመንግስቲን ህዝብን ዝተሰላሰለ ስርሓት ውሑድ ኣይኮነን። እዚ ፍረኡ ደሮ ክቀላቐል ጀሚሩ ዘሎ መደባት ቁጠባዊ ዕበየት እምበኣር፡ ሰላምን ናጽነትን ሃገር ዘውሕስ ድልዱል ዓንዲ ስለዝኾነ መንእሰያት ብልዑል ትግሃትን ተገዳስነትን ክንዛጥፍሉ ዝግባእ እዩ።

4

ንናጽነት፡ ምርግጋጽን ልምዓትን ናይ ሃገራት ዒላማ ዝገበረ ዓለማውን ዞባውን ውዲታት ሓደ ካብቲ ንብቕዓት ህዝቢን ሃገርን ዝፈታተን ብድሆታት እዩ። እዚ ብድሆ'ዚ ኣብ ግምት ዘየእተወ ዕማም ህንጸት ሃገር ድማ፡ ከምቲ ዝድለ ፍረ ክህብ ኣይክእልን። ስለዚ ሃገራዊ ራእይና ክዕወትን ውሕስነት ክረክብን ግዳማዊ ተጻብኦታት ብጥሙር ግብረ-መልሲ ኣብ ምምካት ከም ወትሩ ንቑሓት ክንከውን የድሊ። ብዘወሳኺ ንሕና ካብ ናይ ግጭትን ተጻብኦን ዞባ ናብ ናይ ሰላምን ምትሕግጋዝን ዞባ ንምቕያር፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዲፕሎማሲያዊ ንጥፈታትና ምሕያልን ዝምድናታትና ምስፋሕን ብንጥፈት ክንዋስኣሉ ዝግብኣ እዩ።

5

ጸጋታት ዓለም ንምቁጽጻርን ንምግባትን ዘህፍንፉ ዘለዉ ሓይልታት ዓለምና፡ ሰብኣዊ ጸጋ እቲ ቀንዲ ረቛሒ ቁጠባዊ ዕበየትን ብልጽግናን ምኻኑ ስለዝግንዘቡ፡ ንድኹማት ሕብረተሰባት ጉልበታዊን ኣእምሮኣዊን ጸጋታቶም እናመጸዩ ከዳኽምዎም እዮም ዝፍትኑ። ብመገዲ ባህላዊ ወረር፡ ሰድራቤታዊን ሃገራዊን ፍቕሪ ካብ ኣእምሮ መንእሰያት ሓኺኾም፡ ባህሊ ስስዐን ወልቃውነትን በይነይ ይጥዕመኒን ኣተኣታትዮም፡ ንመንእሰያት ሕብረተሰብኣዊ ንቕሓትን ተገዳስነትን ዘይብሎም ናይ ኣእምሮ ድኹማት ክገብርዎም እዮም ዝህቅኑ። ስለዚ መንእሰያት ነዚ ሸርሒ'ዚ ወትሩ ክቃወሙሉን ግዳይ እከይ ውዲታቶም ካብ ምኻን ክጥንቀቑን ይግባእ።

6

ሓደ ህዝቢን ሃገርን ርስተይ ዝብሎ መሬትን ጸጋታቱን ከየድፈረ፡ ቁጠባዊ ረብሓታቱ ክዕቅብ፡ ጸጥታኡ ኣውሒሱ ኣብ ትሕቲ ዘይድፈር ደርዒ ሓርነት ብቕሳነት ክነብር፡ ባህሉን መንነቱን ከየጥፍአ ቀጻልነቱ ከም ህዝቢ ክውሕስ፡ ግድን እቲ ንሃገር ዘቕውም ብቕዓትን ብርትዐን ክውንን የድልዮ። ሰላማን ዕበየታን ኣውሒስካ ቀጻልነታ ንምርግጋጽ፡ ኩሉ መዳያዊ ብቕዓት ምሕያል የድሊ። ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ባህላዊ ውርሻታትን ክብርታትን ክዕቀብን ብቐጻልነት ክምዕበልን የድሊ። ተልእኾኡ ብግቡእ ዝግንዘበ፡ ኣእምሮኣዊን ጉልበታዊን ጸጋታቱ ንኸበርት ህዝቡ ዝውፍዩ ንቑሓትን ብርቱዓትን መንእሰያት ዘለውዋ ሃገር ድማ እያ መሬቱን ጸጋታቱን ብብቕዓት ክከላኸል፡ ድሕነቱን ብሩህ መጻኢኡን ከውሕስ ዝኽእል።

መድረኽ መቐይሮ ዓቚሩዎ ዘሎ ዕድላትን፡ ኣብዚ መድረኽ'ዚ ክፈታተኑና ዝኽእሉ ብድሆታትን ኣብ ግምት ብምእታው እምበኣር፡ መንእሰያት እዚ ዓብ ኣርሒቑ ዘሎ ዓና ብሩህ መጻኢ ኣብርቲዕና ንምድማቑን ንተጻብኦቲ ተሰሩ ንምቕራጽን ብኣጋጣሚ'ዚ ዕዙዝ ቅኑ ጽምብል ናጽነትና መሪሕ መቐይሮ ምኻንና ብዮብሪ ንምርግጋጽ ቃልናን መብጽዓናን ከሐድስ ይግባእ። ጽንዓት ብጽንዓት ንልምዓት!

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

# ውድድራት ባድሚንቶንን ተኒስ ሰደቓን ንዋንጫ ናጽነት 2019 ተዛዚሙ

ብምኽንያት መበል 28 ዓመት ዝኽሪ ናጽነት ክካየድ ዝቐንየ ሃገራዊ ውድድራት ባድሚንቶንን ተኒስ ሰደቓን ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ጂምናዝዩም ደምበ ሰምበል ብዘተኻየደ ውድድራት ተፈጺሙ።

ሃገራዊ ፌደረሽን ባድሚንቶን ኤርትራ ኣብ ዘካየዶ ውድድራት ኣብ ናይ ውልቂ ትሕተ ዕድመ ደቂተባዕትዮ፣ ፊልሞን ሳሙኤል፡ ፋኑኤል ኣርኣዶምን ሩፋኤል ዳዊትን፡ ኣብ ናይ ውልቂ ልዕሊ ዕድመ ደቀንስትዮ ቅሳነት ሃይለ፡ ዮዲት ዑቕባሚካኤል መኾንን ተ/ማርያምን፡ ኣብ ናይ ውልቂ ልዕሊ ዕድመ ደቂተባዕትዮ ፊልሞን ሳምሶን ኣቤል ኪሮስን ሄርሞን ሚካኤልን ዕዉታት ኮይኖም ውድድሮም ዛዚሞም።

ኣብ ናይ ንጽል ደቂተባዕትዮ ልዕሊ ዕድመ ውድድራት ድማ ለይኩን ሙልጌታ ካብ ምክልኻል፡ ሄርሞን ኢዮብ ካብ ዞባ ማእከል መድሃኔ ተሰፋይ ካብ ዞባ ሳዋ ዕዉታት ኮይኖም ንሽልማት ቀሪቦም።

ውልቀ ተጻወትቲ ብዘርኣዩዎ ብሉጽ ጸወታ ድማ ካብ ልዕሊ ዕድመ ደቂተባዕትዮ ኣቤል ኪሮስ ሽልማት ክዓትር እንከሎ ምስ ልዕሊ ዕድሚኡ ገጢሙ ብሉጽ ጸወታ ዘርኣየ ናትናኤል ሃብተገርግሽ ከም ኡ'ውን ንመጻኢ ብሉጻት ተስፋዊት ተወዳደርቲ ክኾኑ ትጽቢት ዝግበረሎም ትምኒት ያቆብ ካብ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪን ፊሩዝ ምሉእብርሃን ካብ ደቡብን ፍሉይ ሽልማት ተቐቢሎም።

ኣብ ናይ ጽምዲ ሕውሰዋስ ትሕተ ዕድመ ውድድራት ድማ ተወዳደርቲ ዞባ ማእከል ሩፋኤል ዳዊት ኤደን ሃብተገርግሽን፡ ስምኦን ኣማኑኤልን ፍረሰላም ብሉጽን ካብ ደቡብ ከም ኡ'ውን ናድርን ትምኒትን ካብ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዝ ንሽልማት በቒዖም።



ኣብ ውድድር ንጽል ደቀንስትዮ ትሕተ ዕድመ ኤደን ሃብተገርግሽ ካብ ዞባ ማእከል፡ ሪም ረድኢ ካብ ዞባ ዓንሰባን ፍረሰላም በለጸ ካብ ዞባ ደቡብ ዕዉታት ኮይኖም።

ኣብ ናይ ንጽል ደቂተባዕትዮ ትሕተ ዕድመ ሩፋኤል ዳዊት ካብ ማእከል፡ ያሰር ዓ/ቃድር ካብ ዓንሰባን ሳይሞን ኣማኑኤል ካብ ደቡብ ዕዉታት ኮይኖም። ኣብ ናይ ጋንታ ሕውሰዋስ ልዕሊ ዕድመ ውድድራት ድማ ሄርሞን ሚካኤልን ዮዲት ዑቕባሚካኤልን ካብ ማእከል፡ ኩብሮም በየነ ቅሳነት ሃይለን ካብ ዓንሰባ ከም ኡ'ውን ለይኩን ሙሉጌታን መኾንን ተ/ማርያምን ካብ ምክልኻል ቀዳሞት ሰለስተ ዕዉታት ብምዃን ውድድሮም ዛዚሞም።

ልዑል ተወዳዳርነት ኣብ ዘተርኣየሉ ናይ ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን ልዕሊ ዕድመ ንጽል ውድድራት ካብ ደቀንስትዮ ቅሳነት ሃይለ ካብ ዓንሰባ፡ ዮዲት ዑቕባሚካኤል ካብ ማእከልን መኾንን ተ/ማርያም ካብ ምክልኻልን ጹብለል ብምባል ውድድረን ፈጺመን።

ኣብ ናይ ደቂተባዕትዮ ተመሳሳሊ ውድድር ድማ ለይኩን ሙሉጌታ ካብ ምክልኻል፡ ሄርሞን እዮብ ካብ ማእከልን መድሃኔ ተሰፋይ ካብ ዞባ ሳዋን ዕዉታት ነይሮም።

ብድምር ሓፈሻዊ ወጽኢት ድማ ዞባ ማእከል፡ ዓንሰባን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ዕዉታት ውድድር ዋንጫ ናጽነት 2019 ብምዃን ንሽልማት በቒዖን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ሰደቓ ቴኒስ ኤርትራ ካብ 18-19 ግንቦት ዘካየዶን ተወዳደርቲ ዞባታት፡ ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ክሳተፉዎ ዝቐንዩ ውድድር ዋንጫ ናጽነት ብ19 ግንቦት 2019 እዩ ኣብ ጂምናዝዩም ደምበ ሰምበል ተዛዚሙ።

ኣብቲ ብኽልቲኡ ጾታታት ናይ ትሕተ 15 ዓመትን ናይ ልዕሊ 18 ዓመትን 22 ደቀንስትዮ ዝርከቡዎም 76 ተወዳደርቲ ንውድድር ዝቐረቡሉ መደብ ብድምር 185 ግጥማት'ዩ ተኻዩዱ። ድሕሪ ዝተኻየደ ጽዑቕ ናይ መጻረዪ ግጥማት ድማ ትሰፉዋት ተወዳደርቲ ካብ ዝተረኣየሉ ናይ ትሕተ 15 ዕድመ ውድድራት ካብ ደቀንስትዮ ሃና ወልደጊዮርጊስ መዚት ዘምህረትን ሰለሆም ዓብለሎምን ከም ኡ'ውን ካብ ደቂተባዕትዮ ኤሽን ኩብሮም፡ ሰሚር ገዳይንን ሮቤል ኣፈወርቅን ዕዉታት ኮይኖም ውድድሮም ዛዚሞም።

መሳጢ ተወዳዳርነት ኣብ ዝተረኣየሉ ናይ ልዕሊ 18 ዕድመ ግጥማት ድማ ካብ ደቀንስትዮ ሳሮን በረኸት ካብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ፡ ናዝሬት ደረሰ ካብ ማእከል ሩት መንግስትኣብ ካብ ዞባ ሰሜናዊ ቀ/ባሕሪ ቀዳሞት ዕዉታት ክኾና እንከለዋ፡ ካብ ደቂተባዕትዮ ድማ ደንደን ነጸረኣብ ካብ ማእከል፡ ኤፍሬም ተኽለ ካብ ደቡብ፡ ኣሕመዲን መሓመድ-ሓጎስ ካብ ማእከል ዕዉታት ብምዃን ውድድሮም ፈጺሞም።

ዕዉታት ተወዳደርትን ጋንታታትን ድማ ዝተዳለውሎም ናይ ዋንጫ ሜዳልያን ገንዘብን ሽልማታት ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራን ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራን ምቕባሎም ህዝባዊ ርክባት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣፍሊጡ።



# ውድድር ማውንተይን ባይክ ተኻዪዱ

ብጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝተወደበን ንዝኽሪ ተቐዳደምቲ ሰልፍና የውሃንስ ዝተኻየደን ውድድር ማውንተይን ባይክ ትማሊ ሰንበት ኣብ ከባቢ መቓብር ሓርበኛታት ተኻዪዱ።

ኣብቲ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ዝተኻየደ ውድድር፡ ደቂ ተባዕትዮ 60 ኪሎ ሜትር ሸፊኖም። ኣንጀሎ ጋብርኤል ካብ ቤት ትምህርቲ ማርካ ድማ ዕወት ኮይኑ። ዳንኤል ኢያሱ ካብ ኣስመራ ሓፈሻዊ፡ ሳዶር ኢሳያስ ካብ ጻዕዳ ክርስትያን፡ ናትና ስምኦን ካብ ሰምበል፡ ሳይሞን ጉዒኢ ካብ ኢብራሂም ሱልጣን ከምኡ ድማ መርሃዊ ዘሚካኤል ካብ ጻዕዳ ክርስትያን ንዝተረፈ ደረጃ ሒዞም።

20 ኪሎ ሜትር ካብ ዝሸፈነ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ተቐዳደምቲ ውድድር፡ ሚለና ያፌት ካብ ቤ/ት ኢብራሂም ሱልጣን፡ ቅሳነት ወልደሚካኤል፡ ቤተልሄም ፍጹምብርሃን፡ ልኡላ ሃብቶም (ሰለስቲኣን ቤ/ት ጻዕዳ ክርስትያን)፡ ፌቨን ሃይለ ካብ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሜላት ጉዑሽ ካብ ሓላይ ካብ ቀዳሞይ ክሳብ ሻዱሻይ ወጺኦን። ንዝተዳለወለን ሽልማት ድማ ካብ ኢድ ሓላፊ ጨንፈር ሚ/ት/ዞ/ማእከል መም/ቦላይ ሃብተጋብርን ስድራቤት ተቐዳዳሚት ሰልፍና የውሃንስ ተቐቢለን።

ተቐዳዳሚት ሰልፍና የውሃንስ ኣብ 2017/18 ዓመተ ትምህርቲ ሻምፒዮን ዞባ ማእከል ብምዃን ዋንጫል ሜዳልያን ብሽክለታን ተሸላሚት ምንባራ ይዝከር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ዞባ ማእከል እትርከብ ጨ/ሚ/ትምህርቲ ንኣሰ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታ ስፖርታውያን ተመሃሮ ሓለፍቲ ዞባታት ዕዱማት ወለድን ናይ ዝተፈላለየ ኣብያተ ትምህርቲ ዳይረክተራት፡ ኣመሓደርትን ናይ ስፖርት መምህራንን ኣብ ዝተረኽቡሉ ንዕዉታት ኣብያተ ትምህርትን ብሉጻት ተመሃሮን ዝተፈላለዩ መጻሕፍትን ዋናጩን መዳልያን ሸሊሙ።

ኣብዚ ዓመተ ትምህርቲ 2018-2019 መበኢታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ፡ ባህላውን ስፖርታውን ውድድራት ንዝተሳተፉ ኣብያተ ትምህርቲ ዕዉታት ዝኾናን ከም ኡ'ውን ናይ ጠበይ ተዓዋቲት ዝኾነት ቤት ትምህርቲ ማይ ጭሆት ዓብይ ዋንጫ ክትሽለም እንከሎ፡ ንኣሰ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ድማ ኣብ ዞባ ማእከል ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት እውን ንብለል ክትከውን በቒዓ እያ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መም/ ተኽሉ ዑቕባሚካኤል ኣብ ዘስመየ ቃል፡ ተመሃሮ፡ ጎድኒ ጎድኒ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ኣብ ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት ኣብ ኩሉ መዳያዊ ብቕዓቶም ዘለዎም ብሉጽነትን ተወዳዳርነትን ዘረጋግጽ ብምዃኑ፡ ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ንኸሰብዩ እዚ መተባብዒ ከምዝተወሃበ ገሊጹ።



# ዜና ብሓጺሩ

+ ብቑዳም ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ፍጻመ ኤፍ ኤ ካፕ ንዋትፎርድ 6ብ0 ረቲዑ ዋንጫ ዝልዓለ ኣሰልጣኒ ማን ሲቲ ፐፕ ጓርድዮላ፡ ክለቡ ምስ ዘለዋ ዓቕሚን ብሉጻት ተጻወትቲን ሰለስተ ዋንጫ ኣብ ሓደ ዓመት ስፖርት ምልዓላ 'እኹል ኣይኮነን' ክብል ተዛሪቡ። ኣብ ሓደ ዓመት ስፖርት፡ ሰለስተ ውድድራት ዓዲ እንግሊዝ ብምዕዋቱ ታሪኽ ዝሰርሐ ጓርድዮላ "ማን ሲቲ ኣብ ኤውሮጳዊ መድረኻት ክትዕብልል ምተገብኣ" ክብል ወሲኹ ተዛሪቡ። ማን ሲቲ፡ ብሼኽ መንሱር ኣብ 2008 ድሕሪ ምውናና ኣርባዕተ ጸዋእ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ክልተ ዋንጫ ኤፍ ኤ፡ ኣርባዕተ ናይ ኢኤፍኤል ካፕ ኣልዒላ። ይኹን እምበር እዛ ትማሊ ሰንበት ንሓሊቓኣ ሺንሕት ኮምፓኒ ናብ ኣንደርለኽት ዘፋነወት ማንቸስተራዊት ክለብ፡ ኣብ ኤውሮጳዊ መድረኻት ጹብለል ክትብል ግን ኣይከኣለትን። ወዲ 33 ዓመት በልጃማዊ ተኸላኻሊ ቪንሰንት ኮምፓኒ ናብ ኣንደርለኽት እዩ ተሰጊሩ።

+ ኣከፋፋሊ ክለብ ሪያል ማድሪድ ቶኒ ክሮስ ኣብ ሜዳ በርናቡ ንተወሰኽቲ ኣርባዕተ ዓመታት ዝጸንሕ ውዕል ከቲሙ። እዚ ወዲ 29 ዓመት ጀርመናዊ ተጻዋታይ፡ በዚ ሓድሽ ኪታሙ ክሳብ 30 ሰነ 2023 ማልያ ሪያል ማድሪድ ክወዲ እዩ። ኣብ 2014 ምስ ጀርመን ዋንጫ ዓለም ዝልዓለን ኣብቲ ዓመት ድማ ካብ ባየር ሙኒክ ናብ ሪያል ማድሪድ ዝቐንዐን ክሮስ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት 233 ጸወታታት ምስታ እስፓኛዊት ክለብ ኣካዩዱ። 11 ጸዋእ ድማ ኣልዒሉ።

## እንታይ ከ ይስማዕ ኣሎ?

+ ንማክሲ ኣለግሪ ዘፋነወት ጁቬንቱስ፡ ንኣሰልጣኒ ቸልሲ ማውሪዝዮ ሳሪ ተጣይቐሉ ምህላዋ ተገሊጹ። ኣብ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ብዘመዝገቦ ነጥቢ ነታ ለንደናዊት ክለብ ናብ ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ ዘብጽሐ ሳሪ፡ ሜዳ ስታንፎርድ ብሪጅ ከምዝይማእመኦ ይሕበር። ኣብ ግጥም ፍጻመ ዩሮፓ ሊግ ምስ ኣርሰናል ንፍጻመ ዝበጽሐ ሳሪ፡ ክለቡ ኣታዊን ወጻኢን ብቕዓት ብምርኣያ ናይ ምስጓግ ተኽእሎኡ ዕዙዝ ከምዝከበረ መራኸቢ ብዙሃን ይሕብራ።

+ ሊቨርፑል፡ ብክለባት ኣርሰናልን ማን ዩናይትድን ንዝህደን ዘሎ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ክለብ ቦርን ማውዝ - ፍራሰር ንምዕዳግ ምውጣና ተሓቢሩ።

+ ኣሰልጣኒ ማን ሲቲ ፐፕ ጓርድዮላ፡ ኣብ ሜዳ ኢትሓድ ንተወሰኽቲ ሓሙሽተ ዓመታት ዝጸንሕ ውዕል ክግበረሉ ከምዝኽእል ተገሊጹ። እዚ ዓመታዊ 15 ሚልዮን ፓውንድ መሃያ ዝቕበል ዘሎ ኣሰልጣኒ፡ ምስዚ ሓድሽ ውዕል መሃያኡ ናብ 20 ሚልዮን ኩብርኽ ከምዝኽእል እውን ደይሊ መይል ኣፍሊጣ።

+ ብክለባት ሪያል ማድሪድ፡ ባርሴሎናን ማንቸስተር ሲቲን ዝህደን ዘሎ ኪልያን ምባፐ፡ ኣብ ክረምቲ ምስ ክለቡ ፒኤስጂ ክቡተኽ ከምዝኽእል ኤክስፕረስ ዝተባህለት ጋዜጣ ገሊጻ። ብሉጽ ተጻዋታይ ሊግ 1 ፈረንሳ ተባሂሉ ዝተሸለመ ምባፐ፡ ኣብ ፓሪስ ጽቡቕ ናይ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ግዜ የሕልፍ ምህላዉ እኳ ብተደጋጋሚ እንተሓበረ፡ ሓያለ መራኸቢ ብዙሃን ግና ናብ ማድሪድ ክቕንዕ ከምዝኽእል ይሕብራ።

+ ኣርሰናል፡ ንፈረንሳዊ ተጻዋታይ ክለብ ሴንት ኢተን ዊልያን ሳሊባ ኣብ ራዳራ ምእታዋ ተሓቢሩ። እዚ ወዲ 18 ዓመት ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ናይ ትሕቲ 19 ዓመት ኮይኑ፡ ኣብ ማእከል ናይ መስመር ምክልኻል ድማ ይጻወት።

+ ክሳብ 2020 ኣብ ሜዳ ኢትሓድ ዘጽንሕ ውዕል ዘለዎ ተጻዋታይ ማን ሲቲ ኢካይ ጉንዶጋን፡ ንተወሰኽቲ ዓመታት ማልያ ናይታ ክለብ ንምውዳይ ሎሚ ምስ ሓለፍቱ ዘርርብ ክካየድ መደብ ምሓዙ ተሓቢሩ።

# ምልክታ

እምነት ኣማኑኤል - በይሉል ገብረሚካኤል

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ኣቶ ዘርእሰናይ ታደሰ ሃብተስላሴን ተጸዋዕቲ ወ/ነፍ/የማነ ሰዩም ብረ 1.ገነት ዘሪሁን 2. ሚኪኤል የማነ ሰዩም 3. ላሻን የማነ ሰዩም 4. ሄርሞን የማነ ሰዩም 5. ሚድያን የማነ ሰዩም 6. ቤቲኤል የማነ ሰዩም ንትካል ሚድያን ሆቴል ሓ/ዝ/ብ/ማ ዝምልከት ኣካያዲ ስራሕን ተቛጻጻርን ከምዘሎ ስለዝሓተተ፡ ተጸዋዕቲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡ ን28/5/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 መልሲ ሒዝኩም ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ግን ንስኹም ኣብ ዘይብሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣስቴር ፍስሃጽዮን ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፡ ፍትሓዊት ፍስሃጽዮን ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ.52 ይቕረብ።

ቢንያም እምባየ ረዳ ምባል ተሪፉ፡ ቢንያም ሃይለ እምባየ ከምኡ'ውን ስም ኣደይ ሂወት ገብረሂወት ምባል ተሪፉ፡ ዘነቡ ሞላ ይመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳምራዊት ብርሃነ የማነ ብወኪላ ፍረወይኒ ዑቕባሚካኤል ኣቢላ፡ ወለተንብያት ብርሃነ የማነ ምባል ተሪፉ፡ ሳምራዊት ብርሃነ የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ.52 ይቕረብ።

ናትናኤል የማነ ተስፋዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ማቱሳላ የማነ ተስፋዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ወ/ሮ ዮርዳኖስ ሃብቶም ተስፋጽዮን፡ ስም ኣደይ ተካ ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ተኽኣ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሲያና ሓለፎም ወልደሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኤርምያስ ጸሃየ ማቲዎስ ናይ ኣቦነት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ተኸሳሲ ን6/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ግን ንስኻ ኣብ ዘይብሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ድሃብ ተኪኤ፡ ተኸሰስቲ ወ/ሮ ሚዛን ገ/መስቀል +4፡ ኣቶ ስልጣን ገብረመስቀል ብኣድራሻኦም ክርከቡ ስለዘይተኻእለ፡ ተኸሰስቲ ተጸዊዖም ን5/6/19 ኣብ ላዕለዋይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.28 ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም ግን ጉዳይ ንሶም ኣብ ዘይብሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ኣስመረት ሃብተማርያም ሃብተስላሴ፡ ስም ኣደይ ዑቕባ ገብረሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ዑቕባማርያም ባርያሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰምሃር ኣለም ኪሮስ፡ ስም ኣደይ ኣለም ወልደጋብር ጠዓመ ምባል ተሪፉ፡ ኣለም ወልደጋብር እምባየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ.52 ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ጸጋይ ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ ወይኒ ጸጋይ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ተመስገን ተስፋሚካኤል ኣብርሃም ብወኪሉ ወ/ሮ ዮርሳሌም መንግስትኣብ ኣቢሉ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ሰምሃር ዳዊት ናይ ሞግዚት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ ኣድራሻኣ ካብዚ ሃገር ወጻኢ ስለዝኾነ ትጸውዓለይ ስለዝበለ፣ ተጸዋዒት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡ ን12/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቁ.44 ትቕረብ። እንተዘይቀሪባ ግን ንሳ ኣብ ዘይብሉ ውሳነ ክወሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

ጽገሬዳ ምሕረትኣብ ተኽለኣብ ምባል ተሪፉ፡ ጽገሬዳ ተኽለኣብ ምሕረትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ ቁ.32 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ በላይነሽ ገብረሚካኤልን ተኸሳሲት ወ/ሮ ከድጃ ስዒድን ዘሎ ናይ ለቓሕ ጉዳይ፡ ተኸሳሲት ኣድራሻኣ ስለዘይተፈልጠ፡ ን14/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ትቕረብ። እንተዘይቀሪባ ግን ንሳ ኣብ ዘይብሉ ውሳነ ክውሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጎዳይፍ

ወ/ት ግደይ መሓሪ ሃብተ፡ ኣደይ ኣበራሽ ገብረመድህን ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣመተ ሃብተሚካኤል፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ለኣከ ኣርኣያ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ት ሓናን በላይ ልብሱ፡ ኣቦና ኣቶ በላይ ልብሱ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልጋነሽ ሃብተማርያም ገብረስላሴ፡ ወደይ ፊሊሞን ተስፋይ ኣስገዶም ስለዝተሰውኣ፡ ኣነ ምስ ኣቡኡ ተስፋይ ኣስገዶም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣድሓነት ገብረሂወት መርእድ፡ በዓል-ቤተይ ኣስመሮም ሃይለ መሃንዘል ስለዝሞተ፡ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ቲራቮሎ

ወ/ሮ ለቱ ተስፋዝጊ ሕድሩ፡ ጓለይ ንጽህቲ ተኽላይ ወልደገብርኤል ስለዝሞተት፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣርባዕተ ኣስመራ

ኣቶ በየነ መንግስትኣብ፡ ኣደና ምልእተ ርእሶም ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተዝጊ ተስፋስላሴ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ተኪኤ ዘወልዲ ዓጽሙ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሙሉጌታ ተኽለዝጊ ዑቕባሚካኤል፡ ኣደይ ወ/ሮ ለተኺዳን ዑቕበ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ኣሌክሳንደር ዘርኢጋብር፡ ተኸሳሲ ኣቶ በረኸት ኣብርሃም ናይ ገዛ ምልቃቕ መጸዋዕታ ተላኢኹሎም ክርከቡ ስለዘይተኻእለ ኣድራሻኦም ውን ስለ ዘይተፈልጠ፡ ተኸሳሲ ን12/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም ግን ንሶም ኣብ ዘይብሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይተመናይ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ሰላም ክፍላይ ወልደኪዳንን ተኸሳሲ ኣቶ በይሉል ሚኪኤል ዑቕባጽዮንን ዘሎ ክሲ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ኮይኑ፡ ተኸሳሲ ብኣድራሻኡ ክርከብ ስለዘይተኻእለ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡ ን15/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ንሱ ኣብ ዘይብሉ ጉዳዩ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ኢለን ተላ ተኽለሚካኤልን፡ ተኸሳሲ ኣቶ ገዳም ገብረክርስቶስ ገብረመስቀልን ዘሎ ናይ ሓዳር ክርክር፡ ተኸሳሲ ብኣካል ወይ ብወኪል፡ ን17/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ግን ንስኻ ኣብ ዘይብሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጸሎት

ኣቶ መሓሪ ወልደስላሴ ወልዱ፡ ሓወይ ገብረብርሃን ወልደስላሴ ወልዱ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 3 መወቲ ኣሕዋተይን ተተካእቲ ደቆምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሕምብርቲ

ወ/ሮ ምላሹ ኪዳነ ገብረኣምላኽ፡ በዓል-ቤተይ ሃብተ ቀሺ ምሕጹን ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወዱ ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ዓንሰባ ከረን

ወ/ሮ ዘይነብ ሓጅመሓመድኖር ደሲት ምባል ተሪፉ፡ ዘይነብ ሓጅ መሓመድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ተኸሳሲ ሓምድ ሱሌማን ሳልሕ፡ ከሳሲት በዓልቲ-ቤትካ ዘምዘም መሓመድጻዕዳ ሳልሕ ክሲ ኣቕሪባትልካ፡ እንተኾነ ግን መጸዋዕታ ተሰዲዱካ ክትቀርብ ኣይከኣልካን፡ ስለዚ ተኸሳሲ ን13/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ግን ንስኻ ኣብ ዘይብሉ ውሳነ ክውሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሓደስ መጽሓፍ

BETTER WAY TO HIGH SCHOOL CHEMISTRY

Second Edition (9th–12th)

ንኹሉም ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ብፍላይ ንተፈተንቲ ሃገራዊ መርመራ 12 ክፍሊ (Matriculation exam) ኣብ ገዛ ብውሕቱ ይኹን ብሓባር እትጥቀመሉ ሓጋዚት መጽሓፍ።




- ✓ 380 ገጻት ዝሓዘት
- ✓ ብዙሓት መምህራን ዘሳተፈት

ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ✓ ዓሙቝ መግለጺ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ክፍሊ
- ✓ ምስ ኣሰራርሓኡ ኣብነታት
- ✓ መብርሂ ነጥብታት (TIPS)
- ✓ ልዕሊ 200 ሕቶታት ምስ ኣሰራርሓኡ
- ✓ ልዕሊ 800 ሕቶታት ምስ መልሰታቱ

Tel. 07278776/ 07243748

ሓዳስ መጽሓፍ

All in one

ንኹሉም ተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ ብፍላይ ንተፈተንቲ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ሓጋዚት ዝኾነት፣

- ✓ 300 ገጻት ዝሓዘት
- ✓ ብዝተፈላለዩ ዓውደ-ትምህርቲ ዝተመረጹ መምህራን ዘሳተፈት

ትሕዝቶ መጽሓፍ

➢ካብ 2013 – 2018 (ናይ 6 ዓመታት) ናይ English Language, Mathematics, Social studies and Science ናይ ሃገራዊ መርመራ ሕቶታት ምስ ዓሚቝ ገላጺ መብርሂታትን መልሱን ሒዛ ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።

ቁ. ቴሌፎን 07278776/ 07204551 ተወከሱና።




HOTEL ASMARA PALACE
ASMARA PALACE
ጽንዓት ብጽንዓት ንልምዓት
እንቋዕ ናብ መበል 28 በዓል ናጽነት ኣብቅዓና እናበለ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ
ሰናይ ምንዮቱ ይገልጽ።
Hotel Asmara Palace
GRACEFUL HOSPITALITY IN THE HEART OF THE CITY!
Tel: (291) 1 153700 | Fax: (291) 1 153701 | Email: info@hap.com.er | www.hotelasmarapalace.com

ብርሃነ ምሕረትኣብ

# ኤምባሲ ኤኳዶር ንብረት ጁልያን ኣሳንጅ ንኣመሪካ ይልእኽ

መንግስቲ ኤኳዶር፡ ኣብ ብሪጣንያ ኣብ ዝርከብ ኤምባሲ'ታ ሃገር ተዓቒቡ ዝነበረ ማስራቲ መርበብ ዊክሊክስ - ጁልያን ኣሳንጅ ኣሕሊፉ ንፖሊስ ድሕሪ ምርካቡ፡ ሕጂ ድማ በቲ ውልቀ-ሰብ ዝውንን ዝነበረ ውልቃዊ ኮምፒተርን ሰነዳትን ናብ ኣመሪካ ክልእኽ ከምዝጀመረ ተሓቢሩ።

ብማስረት ሓበሬታ በበሲ፡ ኣብ ኤምባሲ ኤኳዶር ዝጸንሐ ሕጋዊ ሰነዳት፡ ናይ ሕክምና ወረቓቕቲ፡ ኤለክትሮኒካዊ ኣቕሑ ዘጠቓልል ንብረት ጁልያን ኣሳንጅ ድሮ ናብ ዋሺንግተን ተላኢኹ ኣሎ።

ጠበቓ ጁልያን ኣሳንጅ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "ኣብ ልዕሊ ዕቑባ ዝሓተተ ሰብ ተፈጺሙ ዘይፈልጥ ተግባራት'ዩ" ብምባል ንውሳነ መንግስቲ ኤኳዶር ኮኒኑ። እቲ ተግባራት ንመሰረታዊ መሰል ዕቑባን ንበርን ኣካይዳን ዝጥሓስ ከምዝኾነ ድማ ኣረዲኡ።

ማስራቲ መርበብ ሓበሬታ ጁልያን ኣሳንጅ፡ ኣብ 2010 ወተሃደራውን ዲፕሎማሲያውን ምስጢራት ዝሓዘ ሰነዳት ኣመሪካ ድሕሪ ምቅላዑ፡ እታ ሃገር ብጽኑዕ ትደልዮ ምህላዋ ይግለጽ።

ዝሓለፈ ሚያዝያ ካብቲ ንሸውዓተ ዓመታት ዝተዓቖበሉ ኤምባሲ ናብ ቤት ማእሰርቲ ብሪጣንያ ዝተወሰደ ወዲ 47 ዓመት ጁልያን ኣሳንጅ፡ ኣብ ብሪጣንያ ንሓደ ዓመት ክእሰር'ዩ ተፈሪዱ ዘሎ። ብድሕሪኡ ግን ኣብ ሽወደን ክሲ ጾታዊ ዓመጽ ተመስሪቱሉ ብምህላዉ፡ ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ሓለዋ ናብታ ሃገር ክለኣኽ ከምዝኽእል'ዩ ዝንገር። ሽወደን ድማ ምስ ኣመሪካ ብዘለዋ ሓብራዊ ስምምዕ ኣሕሊፋ ናብታ ሃገር ክተረክቦ ግምት ከምዘሎ ጸብጻባት ይገልጹ።

ሓያሎ ተጣበቕቲ መሰላት፡ ጁልያን ኣሳንጅ 'ክዉን ነገር'ዩ ዘቃልዐ' ብምባል ክፍታሕ ይጸውዑ ኣለዉ።




# ኢራን ንመጠንቀቕታ ትራምፕ ትነጽግ

ኢራን ብፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ዝቐረበ መጠንቀቕታ ብምንጻግ፡ ብወገና ክቱጥማ ንዘኽእል ስግኣታት ከምእትምክት ገሊጻ።

"ትራምፕ ታሪኽ ክውክስ ኣለዎ" ዝበለ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን መሓመድ ጃቫድ ዛሪፍ፡ ኩሉም ወረርቲ ክሓልፉ ሃገሩ ግን ርእሳ ኣቐኒዓ ደው ከምዝበለት ገሊጹ።

ኣቐዲሙ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኢራን ኣንጻር ሃገሩ ኩናት ምስእትገጥም "መጨረሽታኣ ክኸውን'ዩ" ብምባል ከምዝጠንቀቐ ይፍለጥ።

ኢራን ንረብሓታት ኣመሪካ ክተጥቅዕ ምስእትፍትን ምሉእ ብምሉእ ከምዝፀኑዋ ዘጠንቀቐ ዘሎ ትራምፕ፡ ኣብ ናይ ትዊተር መልእኽቱ "ድሕሪ ደጊም ኢራን ኣንጻር ኣመሪካ ኢዳ ወስ ክተብል የብላን" ኢሉ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ኣብ መልእኽቱ ዘጸሮ ጉዳይ እኳ እንተዘየለ፡ እዚ መጠንቀቕታ ዘመሓላለፍ ዘሎ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ክልተ ናይ ስዑዲ ዓረብ ዝርከብኦን ኣርባዕተ መራኽብ ኣብ ከባቢ ወደብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ድሕሪ ምውቃዐን እዩ።

ኢራን ኣብቲ መጥቃዕቲ ኢድ ከምዘይብላ'ኳ እንተገለጸት፡ ነቲ መጥቃዕቲ ዝኾነዱ ዕጡቓት ሑቲ ትሕግዝ'ያ ዝብል ክሲ'ዩ ዝቐርባ ዘሎ።

ኣመሪካ ናብ ኢራን ቀረባ ኣብ ዝኾነ ማያት ወሸመጥ፡ ተወሳኺቲ መራኽብ ውግእ ትልእኽ ምህላዋ ጸብጻባት የመልክቱ።



# ኢንዶነዥያ - ብምስግጋር ዕጸ-ፋርስ ዝተኸሰሰ ፈረንሳዊ ንሞት ተፈሪዱ

ኣብ ኢንዶነዥያ ዕጹፋርስ ከሲጋር ተታሒዙ ዝተባህለ ሓደ ፈረንሳዊ ጉዱ ኣብ ቤት ፍርዲ ጃካርታ ክጸረይ ድሕሪ ምጽንሑ ብሞት ክቕጻዕ ተፈሪዱ።



እቲ ፈሊክስ ዶርፈን ዝተባህለ ወዲ 35 ዓመት ፈረንሳዊ ኣሰታት ክልተ ኪሎግራም ዝኸብደቱ 'ማሪዋና' ዝዓይነቱ ውጉዝ ዕጹ-ፋርስ ብሕብእ ካብ ፈረንሳ ናብ ኢንዶነዥያ ከእትዎ ኣብ ዝፈተነሉ እዋን ብኣባላት ጸጥታ ከምእተታሕዘ ፖሊስ ዝሕብር።

እቲ ዝሓለፈ ማስከረም ኣብ ከተማ ሎምቦክ - ኢንዶነዥያ ዝተታሕዘ ፈረንሳዊ ንገዛእ ርእሱ ተጠቃሚ ዕጹፋርስ ከምዘይኮነን ንፖዝነቢ መኻስቦት ክብል ጥራይ ናብታ ሃገር ከእትዎ ከምዝፈተነን ኣኽብሮቲ ሕጊ ኢንዶነዥያ ገሊጾም።

ክሱስ ዝተዋህቦ ፍርዲ ሞት ፍትሓዊ ከምዘይኮነን 'ይግባይ' ከምዝሓተትን ጠበቓኡ ንጋዜጠኛታት ሓቢሩ።

ሓያሎ ሃገራት ኤስያ፡ ኣብ ልዕሊ ኣሰጋገርቲ ዕጹ-ፋርስ ናይ ሞት ፍርዲ ከምዝህብዩና ዝፍለጥ ኩይኑ፡ ኢንዶነዥያ ኣብ 2015 ምስቲ ገበናት ብዝተኣሳሰር ሓያሎ ወጻእተኛታት ብሞት ከምዝቐጸዐት ጸብጻባት ይሕብሩ።

# ሓበሬታ
## መደባት በዓል ናጽነት 2019

| ተ.ቑ. | ዕለት | መደብ | ቦታ | ሰዓት | ተወሳኺ ሓበሬታ |
|---|---|---|---|---|---|
| 1. | 18-21/05/2019 | ስነጥበባዊ ምርኢት ጉጅለታት ባህሊ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ካራ-ኦኬ፡ One Man Band | ጎደና ሓርነት | 07:00 – 10:00 ድ.ቀ. | |
| 2. | 18-21/05/2019 | ስነጥበባዊ ምርኢት ጉጅለታት ባህሊ ኤርትራ | ሲነማ ሮማ | 07:30 – 9:30 ድ.ቀ. | |
| 3. | 18-21/05/2019 | ስነጥበባዊ ምርኢት ጉጅለታት ባህሊ ኤርትራ | ሲነማ ኣዝመራ | 07:30 – 9:30 ድ.ቀ. | |
| 4. | 18-21/05/2019 | መደባት ቆልዑ | ጎደና ሓርነት | 06:00 – 08:00 ድ.ቀ. | |
| 5. | 21/05/2019 | ምርኢት ጉጅለ ባህሊ ጃፓን | ሲነማ ሮማ | 07:00 – 09:30 ድ.ቀ. | |
| 6. | 22/05/2019 | ምርኢት ካርኒቫል ኤርትራ (ካር-ኤሪ) | ጎደናታት ሰማእታትን ሓርነትን | 04:00 – 06:00 ድ.ቀ. | መበገሲ፡ ሓወልቲ-ሽዳ => መዛዘሚ፡ ባሕቲ መስከረም |
| 7. | 23/05/2019 | ኮማዊ ዳሳት | ኩለን ንኡሳን ዞባታት ኣስመራ | 10:00 ቅ.ቀ. 05:00 ድ.ቀ. | |
| 8. | 23/05/2019 | ህዝባዊ ሳዕስዒት | 5 መድረኻት ጎደና ሓርነት | 07:00 ድ.ቀ. 12:00ድ.ቀ. | |
| 24/05/2019 ወግዓዊ ጽምብል | | | | | |

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኤደን | 21/5/2019 | ከባቢ ዩኒቨርሲቲ ጥቓ ባር ሊድያ | 110750 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565